ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.200 | ረቡዕ 22 ሚያዝያ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3 — ረፈረንደም ኢርትራን ጥምዘጣ ታሪኽ ልሂቃንን ኢትዮጵያን

ገጽ 4 — ባብ ዕድላት ሰንኩላን እንክርሓው



ገጽ 5 — ዝኽሪ ሚያዝያ



ገጽ 9 — ዋሕዚ ዓውት



ገጽ 11 — ዋንጫ ናጽነት ቅድም ብሽክለታ ደቀምሓረጀሚሩ



ፎርቶ-ሳዋ - መበል 25 ዓመት ምጅማር ፈነወ ሬድዮ ቋንቋ ብዳውየት ተኸቢሩ

መበል 25 ዓመት ምጅማር ፈነወ ቋንቋ ብዳወዋት ኣብ ደምሲ ሓፋሽ ኤርትራ፡ ብ17ን 18ን ሚያዝያ ኣብ ኣደርሰር - ንኤስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ ብዘተፈላለዩ መሳናድኣታት ተኸቢሩ።

ብምኽንያት'ቲ ናይ ዝኽሪ መደብ ደሚ ኣብ ባህላዊ ትንሳኤ ብዳወዋት፡ ኣገዳሲነት ትምህርቲ ቋንቋ ኣይ፡ ምውጋድ ድሕር ልምድታት፡ ነምኡ'ውን ተሳታፍነት ደቂኣንስቲኖ ኣብ ትምህርትን ሬድዮ ብዳወዋትን ዘተኩረ ዋዕላ ተኻይዱ።

ኣቦ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካን ኣቐዚ.ምክትታል እዝ.ሶሚን ምዕራብ ዶባት ኮሎኔል የናስ ብጹእኣግላኒን ዝርኸቡም ሓለፍቲ፡ ኣህዘዙ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ማዘይቲ ዓድን ዕድመ ዝተገብረሎም ኣኽባት ሱዳናውያንን ተረኽቡም ነይርዎም።

ኣብ ሚሷስነሪ ዜና ዋና ዳይሬክተር ክፍሊ ሬድዮ ኣቶ ግርማይ በርሀ ኣብ ዘሎመየ ቃል፡ መምህርቲ ኤርትራ ንኣገዳስነት መራኸቢ ብዙሓን ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ሕብረተሰብን ህያዉት ሃገርን ተገሊፁ፡ ድሕሪ ናጽነት ፈነወ ሬድዮ ብኩለን ቋንቋታት ነምዝጅመር ምዃኑ ኣገዳሲ. ወሳኽ ነምዝበረ፡ ፈነወ ሬድዮ ቋንቋ ብዳወዋት ደማ ወጽኢት ናይቲ ኣቦ'ዚ መዳይዝ. ክቡደድ ዝጽንሐ ስራሕ ነምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ብውሑድ ቁጽሪ ኣባላት ዝቑደድ ዘሎ ፈነወ ንምንፋሓ፡ ኣባላት መምህርነትን ኣባላት ብዕረ ብዳወዋትን ብምኽኻን ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ሕብረተሰብ ኣገዳሲ ምኻኑ ሓቢሩ።





ስእሊ. ኣብርሃም በየነ

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽባርካ ኣማኸደር ማሕሙድ ዓሊ. ሕሩይ ብወኽ፡ ፈነወ ሬድዮ ብዳወዋት ንምምዕባልን ኣብ ትምህርቲ ዝርኣ ትሑት ተሳታፍነት ኣለኣት ናይቲ ብዕረ ንምምሕያሽ ከሉም ንምሕብራቁሰውን ባህላውን መዳያት ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ብኡሉታ ገጹልዉ. ተርእያታት ንምውጋድ ብወሳኒት ክሳራሕ ኣቦ'ኻ'ኽሩ።

ሓላፌ ጨንፈር ሬድዮ ብዳወዋት ኣቶ ቦኽት ሳልሕ ደማ፡ ኣቦ'ቲ ፈነወን ትሕዝቶ መደባቱን ንዘተራእየ ዕቡየት ድሕሪ ምጥቃስ፡ ዋቐሚሱ ብቑንዱ ደማ ናይ ደቂኣንስቲኖ፡ ዛጊት መሊኡ ዘይተፈትሐ ገዛእዎ ብድሆ ነምዝኾነ ገለጹ።

ኣቦ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ትምህርቲ ቋንቋ ብዳወዋት ብኣተኒ፡ ምዕቃብ ብሉጽ ባህልን ምውጋድ ጉጅለ. ልምድታትን፡ ምዕዛል ሰብጣዙን ብድሆታቱን፡ ነምኡ'ውን ተራን ተሳታፍነትን ደቂኣንስቲኖ ዝድህስስ ኣርነቱ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ቀሪብ።

ሰንዓፈ - ባንክ ደም ንምስሳን 160 ከረጺት ደም ተለጊሱ

ኣብ ንኤስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ተመሊሮ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሶደራ ብ20 ሚያዝያ ብዝመሰረድዎ ተየዋሂኑ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባኽ ደም ንምምስሳ 160 ከረጺት ደም ለገሰዎ።

ኣቦመንበር ማሕበር ወለንታውያን ለገሰቲ ደም ኣቦ'ቲ ንኤስ ዞባ መምህር ብርሃነ የወሃኣቱ ንዘተወሰደ ተየዋሂ ድሕሪ ምምላጋኡ ኣብ ተመሊሮ ጥራይ ተሳዒሩ ገጽንሐ ንዋፈታት ልግሲ ደምኡ ናብ ሰራሕተኛታት መምህርነትን ካልኦት ኣኽባት ሕብረተሰብን ንምትእትታዉ ጻዕረታት ይቐደድ ነምዝሎ ኣረዳኢ።

ደም ምልጋስ ረብሓ እምባር ሳዕቤን ነምዝደለዩ ብመጥቃስ ደማ ኣብ ልግሲ. ደም ንዘጽንሐ ግቡይ ኣመለኻኽታ ተኣረመ፡ ሂወት ወጻዮት ንምድሓን ኽፍሲ.ወሰፍ ዜጋ ብኽቕሉት ክህዝፍ ኣተሓሳስባ።

ኣብ ሃገራዊ ባኽ ደም ኤርትራ ኣወዛዒ ልግሲ. ደም ኣቶ ዑቕባይ የወሃኣ ብወኽ፡ ሓደጋን ሕማምን ወዘቢ. ስለዘየኽኑ፡ ኣብ ምድሓን ህይወት ዝወዕል ደም ዓቅበኽ ምጽናሕ ጠንቂ ሞት ኣብ ምኽሪ ልዑል ግደ ነምዝሎዎ ብመሕበር፡ ምልጋስ ደም ኣብ ሕብረተሰብ ነቲ ባህሊ. ንኽሰርጽ ብዝለዓለ ክሳራሕ ተሓቢዱ።

ደም ዝለገሱ ተመሊሮ ብወገናም፡ ዝወሰድዎ ተየዋሂ ናይ ሕልና ዕግቡ ስለዘረጥር፡ ኣብ መጻኢ. ነምዝቐጽልዎ ኣረጋገጹም።

ዓንሰባ - ቅርስታት ግቡእ ክንክንን ዕቃበን ክግበረሎም ለበዋ ቀሪቡ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ዝርከቡ ዝዕቅባጡን ዘይቕቅባጡን ባህላዊ መርሻታት፡ መገለጺ. መንነትና ስለዝኾኑ ግቡእ ክንክንን ዕቃበን ክግበረሎም ለበዋ ቀሪቡ።

ካብ ክፍሊ. ባህልን ስፖርትን - ምህርቲ ስራሕበን ስጥንትን ወ/ሮ መርየም ዓብደላ ንኡሪና ኣብ ዝለዘዩ ሓቢፈት፡ እቲ ዞባ ብዘተዓዘቦሉን ዘይተዓዘቦሉን ቅርስታት፡ ነምኡ'ውን ብዝሃዉን ታሪኻዉን ወርሻታት ሃብታም ነምዝኾነ ብመሕበር፡ ብዝሰፈ ብዘይሓፍልጣን ሽለልነትን ከይዳንወ፡ ንቑሕ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣገዳሲ ምኻኑ ሓቢሩ።

ቅርስታት ተንቀሳቐስነትን ዘይንቀሳቐሱን ተዛዚሙም ኣብ ክልተ ነምዝኾነሬሉ ብመሕበር፡ ነም ሰፍተምኒ ስርሓት ካይላን ካልኦትን ንዘምታን ዕንወትን ዝተቓልዑ ስለዝኾኑ፡ ዕቱብ ጥንቃቐን ንቕሓትን ነምዝሓትት ኣብርሁ።

ቅድመ-ታሪኻውያን ሰፍራታት ደብር-ቦታት ኣብ ኣሰምጥ፡ ዓራቱኽ ኣብ ሓልሓል፡ ጥንታውያን ጉጅጭ ደብረሲናን ጻዕዱ እምባን፡ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝተዛዘመሉ ጥንቁልሓ፡ ነምኡ'ውን ገድላዊ ኣሰራት ነም ደፋጉት ሓልሓል፡ ሮራ መንሃገን ገንፈልምኽ እቲ ዞባ ሓቐፍዎም ካብ ዝርከቡ ኣገደስቲ ቅርስታት ነምዝኾኑ ደማ ገለጹ።

ክፍሊ. ባህልን ስፖርትን ምስ ከሉም ናይ ስራሕ መሻርኽቱ ብምኻን ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ንምዕባይ ቡዙሃዉ ዝተፈላለየ መደባት ነምዝወድብ ብመሕበር ድማ ምስእኣት ክህልዎ - ቀጻልን ስራዕን ንበያኣት ኣገዳሲ ነምዝኾነ ኣሰማረትለ።



ወ/ሮ መርየም ኣብ መወዳእታ፡

ጽንዓትና ዋሕስና! ! ...صمودنا

OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE!



ስእሳይ መሓመድ ኣይፈራሕ

ዜና

ገልዓሎ - ብዓል-መዚ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ስልጠና ወዲቡ





ብየልጣዚ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣብ ገልዓሎ ኣብ ኣንበት ዕቓብን ምስነገን መባዙሳዊ ኣግራብ፡ ካብ ብርሃት ንምፍልጣል ዝሕግዝ ሜሊታት፣ ነፀምኡ'ውን ኣብ ትዕዘብትን ምክትታልን እንስሳ ዘገዳምን ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዘልግል ናውቲ ቴክኖሎጅን ዘተኩረ ስልጠና ወዲቡ።

ኣብ መዝሞ ናይ'ቲ ካብ 11 ክሳብ 15 ሚያዚያ ዝተኻየደ ስልጠና፡ ዋና ኣኪያዲ ስራሕ ብየልጣዚ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኩለሄል ክንፈ ሃብቶም ኣብ ዘስመየ ቃል፡ ስልጠኑ'ቲ ንክፍላትም ስልጠና ብዮብራዊ ስራሕ ኣሰጽዎምን ምስ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ብምውሳንን ክሰርሑሉ ብምልባው፡ ተመሳሳሊ ስልጠናታት ኣብ መጻኢ'ውን ክወሃብ ምጹኑ ገሊጹ።

እዚ ነፀ'ዚ'ሉ እንስሳ፡ ኣብ ዓጉዓል - ምምሕዳር ነባቢ ገልዓሎ ብዘየልጣዚ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዝተወደበ ኣብ ምህሳን ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ዘተኩረ ሜሉቶታዊ ንጥረታት ተሳሒሰሉ። ሓላፊ ብየልጣዚ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዞባ ሶሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ካፒተን ሰለሞን ሃይለ ኣብ ገዘባ ሓበሬታ፡ ምዕቃብ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ብዘይተሳታፍነት ነም ኣድማሳት ክህልዎ ነፀማዚዩክል ብምጥቃት ቀጻሊ ገስጋሳት ኣብ ህዝቢ ምኪየድ ኣገዳሲ ነፀመዘኹነ ኣሰሚሩሉ።

ተኳዝፍቲ ብወዝናም፡ ኣብ ምዕቃብ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዘተኩረ ሜሉቶታዊ ንጥረታት ክድፋኡሉ ተጻብዮም።

ኣብ መስመር ዓዲ'ኻላ - መንደፈራ ሓደጋ መኪና ኣጋጢሙ

ኣብ መስመር ዓዲ'ኻላ - መንደፈራ፡ ብ16 ሚያዚያ ኣብ ሰዓታት ምሸት ብዘጋጠመ ሓደጋ መኪና፡ ሓደ ሰብ ሞይቱ።

እታ ሰሌዳ ቁጽሪ ER-3A-7501 ዝሃቐለት 'ቾንዶ ደሸ' ዝንይነታ ናይ ጽዕነት መኪና፡ ካብ ዓዲ'ኻላ ተበጊሳ ናብ ዓዲ-ንጋንኣ እናተጓዕዘት ኣብ ቁልቁለት ሰሞሞ ነፀኣተ'ምጠለት፡ ኣብ መደበር ፖሊስ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መርማሪ ሓደጋ ትራፊክ ምኽትል ተሰንኑ ኣማረ ገዘሀይ ሓቢሩ።

ቡቲ ሓደጋ ወዲ 52 ዓመት ኣቦ ክመውት ከሎ፡ ኣርባዕተ ነበድ፡ ሓደ ደማ ፈኺሱ ማህሰይቲ ነፀግዘኦረዶም ዝተረፉ ምኽትል ተሰንኑ ኣማራ ዛጊት ተገይሩ ብዘሎ መርመራ፡ እቲ ጠንቂ ሓደጋ ኣመራርሓ ነፀግዘበረ ኣፍሊጡ።

ሞልቀ - ዕዉት ወፍሪ መጥባሕቲ ዓይኒ ተኻዩዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ካብ 27 መጋቢት ክሳብ መፋርቆ ሚያዚያ፡ ብሰንኪ ሕማም ትራክማ ክሳዕብ ዝኾኣል ዑረት ንምክልኻል ዝወሰመ ዕዉት ወፍሪ መጥባሕቲ ቅርኒብ ዓይኒ ነፀመኣተኻዩዱ፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኦርስ መብራሃቲ፡ የማነ ሓቢሩ።

ቡቲ 9 መመርመሪ ኣቑጣጣትን 3 ናይ መጥባሕቲ ጉጅለታትን ብምጽያም ዝተዓመመ ስራሕ፡ ብጠቕላላ 122 ሰባት መጥባሕቲ ነፀመኣተኻዩዶሉም ዝገለጸ ኦርስ መብራሃቲ፡ ክግበር ብዘዕባ ዝጉበኡ ጥንቃቐታት ኣስተምህሮ ነፀመኣተሃበ ኣብሪሁ።

ክኢላ መጥባሕቲ ዓይኒ ኦርስ የሩስ ንብረታትዮስ ብወሸ፡ ኣብ'ቲ ወፍሪ 28 ሰብ ሞያ ጥዕና ነፀመኣተሳተፉን እቲ መደብ ዕዉት ምንባሩን ብምጥቃት፡ ትራክማ ብኣግኡ እንተዘይተፈዊሱ ክሳዕ ዑረት ኩብጽሕ ዝኽእል ሓደገኛ ስለዝኾነ፡ ክሳብ ርሑቕ ነፀቢታት ዝንቀሳቐሳ ጉጅለታት ክኢላታት ብምጽያም ወጽኢታዊ ስራሕ ነፀመኣተዓመ ኣረዳኡ።

ሞልቀ - ዕዉት ወፍሪ መጥባሕቲ ዓይኒ ተኻዩዱ



ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ካብ 27 መጋቢት ክሳብ መፋርቆ ሚያዚያ፡ ብሰንኪ ሕማም ትራክማ ክሳዕብ ዝኾኣል ዑረት ንምክልኻል ዝወሰመ ዕዉት ወፍሪ መጥባሕቲ ቅርኒብ ዓይኒ ነፀመኣተኻዩዱ፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኦርስ መብራሃቲ፡ የማነ ሓቢሩ።

ቡቲ 9 መመርመሪ ኣቑጣጣትን 3 ናይ መጥባሕቲ ጉጅለታትን ብምጽያም ዝተዓመመ ስራሕ፡ ብጠቕላላ 122 ሰባት መጥባሕቲ ነፀመኣተኻዩዶሉም ዝገለጸ ኦርስ መብራሃቲ፡ ክግበር ብዘዕባ ዝጉበኡ ጥንቃቐታት ኣስተምህሮ ነፀመኣተሃበ ኣብሪሁ።

ክኢላ መጥባሕቲ ዓይኒ ኦርስ የሩስ ንብረታትዮስ ብወሸ፡ ኣብ'ቲ ወፍሪ 28 ሰብ ሞያ ጥዕና ነፀመኣተሳተፉን እቲ መደብ ዕዉት ምንባሩን ብምጥቃት፡ ትራክማ ብኣግኡ እንተዘይተፈዊሱ ክሳዕ ዑረት ኩብጽሕ ዝኽእል ሓደገኛ ስለዝኾነ፡ ክሳብ ርሑቕ ነፀቢታት ዝንቀሳቐሳ ጉጅለታት ክኢላታት ብምጽያም ወጽኢታዊ ስራሕ ነፀመኣተዓመ ኣረዳኡ።

ዞባ ጋሽ-ባርካ - ብምኽንያት ባሕቲ ግንቦት ዝተፈላለየ መደባት ተሰላሲሉ

ሽላኡ ጨንፈር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብምኽንያት ባሕቲ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ "ውዳበ ሰራሕተኛታት ደራኺ ንልምዓት" ብዘብል ቴማ፡ ካብ 17 ክሳብ 19 ሚያዚያ ዝተፈላለየ መደባት ኣቐዲዱ።

እቲ ኣስተምህሮታት፡ ቀድሚ ብቑልሲታ ነፀኡ'ውን ወድድራት ሓፊሻውን ታሪኻውን ፍልጠት ዘጠቓልል መደባት፡ ኣብ ባረንቱ ኣቐርያት፡ ተሰጢሮን ቢሸን ነፀመኣተኻዩዱ፡ ኣብ'ቲ ጨንፈር ሓላፊ ምክትል ፕሮጀክትታት ኣቶ ሽላኡ ጨንፈር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብምኽንያት ባሕቲ ግንቦት ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ "ውዳበ ሰራሕተኛታት ደራኺ ንልምዓት" ብዘብል ቴማ፡ ካብ 17 ክሳብ 19 ሚያዚያ ዝተፈላለየ መደባት ኣቐዲዱ።

እቲ ኣስተምህሮታት፡ ቀድሚ ብቑልሲታ ነፀኡ'ውን ወድድራት ሓፊሻውን ታሪኻውን ፍልጠት ዘጠቓልል መደባት፡ ኣብ ባረንቱ ኣቐርያት፡ ተሰጢሮን ቢሸን ነፀመኣተኻዩዱ፡ ኣብ'ቲ ጨንፈር ሓላፊ ምክትል ፕሮጀክትታት ኣቶ ሽላኡ ጨንፈር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብምኽንያት ባሕቲ ግንቦት ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ "ውዳበ ሰራሕተኛታት ደራኺ ንልምዓት" ብዘብል ቴማ፡ ካብ 17 ክሳብ 19 ሚያዚያ ዝተፈላለየ መደባት ኣቐዲዱ።

እቲ ኣስተምህሮታት፡ ቀድሚ ብቑልሲታ ነፀኡ'ውን ወድድራት ሓፊሻውን ታሪኻውን ፍልጠት ዘጠቓልል መደባት፡ ኣብ ባረንቱ ኣቐርያት፡ ተሰጢሮን ቢሸን ነፀመኣተኻዩዱ፡ ኣብ'ቲ ጨንፈር ሓላፊ ምክትል ፕሮጀክትታት ኣቶ ሽላኡ ጨንፈር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብምኽንያት ባሕቲ ግንቦት ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ "ውዳበ ሰራሕተኛታት ደራኺ ንልምዓት" ብዘብል ቴማ፡ ካብ 17 ክሳብ 19 ሚያዚያ ዝተፈላለየ መደባት ኣቐዲዱ።

እቲ ኣስተምህሮታት፡ ቀድሚ ብቑልሲታ ነፀኡ'ውን ወድድራት ሓፊሻውን ታሪኻውን ፍልጠት ዘጠቓልል መደባት፡ ኣብ ባረንቱ ኣቐርያት፡ ተሰጢሮን ቢሸን ነፀመኣተኻዩዱ፡ ኣብ'ቲ ጨንፈር ሓላፊ ምክትል ፕሮጀክትታት ኣቶ

ኣብ ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሓላፊ ኣህዱ ዕዮ ኣቶ መብራህቲ ገዛኢ፡ ብሂ፡ ብወሸ፡ ውሑሰን ኣዕጋብን ሃዋህው ስራሕ ብምፍጣር ከሉ መዳያዊ ሽቅለት ንምዕዝዝ፡ ድሕነቱን መሳለቱን ዝተሓለወ ስራሕተኛ ንምፍጣር፡ ነፀኡ'ውን ግዝኣ ኣህጉራዊ ንምዕባይ ዕላማ ዘለዎ ስራሕ ነፀመኣተዓመ ብምጥቃት ኣፍራይነት ንምዕባይን ጥዕይ ዝምደናታት ዕዮ ንኽህሉን ጥቡቕ ምክትታል ነፀግዘበር ቅዳሓ ምስጦን ሓቢሩ።

ኣብ ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሓላፊ ኣህዱ ዕዮ ኣቶ መብራህቲ ገዛኢ፡ ብሂ፡ ብወሸ፡ ውሑሰን ኣዕጋብን ሃዋህው ስራሕ ብምፍጣር ከሉ መዳያዊ ሽቅለት ንምዕዝዝ፡ ድሕነቱን መሳለቱን ዝተሓለወ ስራሕተኛ ንምፍጣር፡ ነፀኡ'ውን ግዝኣ ኣህጉራዊ ንምዕባይ ዕላማ ዘለዎ ስራሕ ነፀመኣተዓመ ብምጥቃት ኣፍራይነት ንምዕባይን ጥዕይ ዝምደናታት ዕዮ ንኽህሉን ጥቡቕ ምክትታል ነፀግዘበር ኣረጋገጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ሽላኡ ኣቶ ዓብዱ ሳልሕ ኣብ መወዳኢታ፡ ስራሕተኛታት ውዳበታቶም ብምሕላል ኣብርክቶኦም ነፀዘዙ፡ ነፀኡ'ውን ኣፍራይነት ንምብራኽ ብዕቱብ ክስራሕ ተጻብዮም።

ናቕፋ - ተመሃሮ ኣብያተ-ትምህርቲ ሰነ-ኪነት ዑደት ኣካዩዶም

ተመሃሮ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ሰነኪነት ዊና ናቕፋን ሓጋዘቡ ምስ ቤትጽሕፈት ሞምሞተኤ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ብምትሕብባር፡ ናብ ታሪናዊ ቦታታት ዮማናይ ማንር ናቕፋን ጅግንነት ዝተፈጸመሉ ካልኦ ነበቢታትን መደብ ትረናን ዋርሳን ዘጠቓለለ ዑደት ወዲቦምዮ።

ሓላፊ ሞምሞተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣቶ ኣሕመድ ዒሳ ኣብ ዘስመየ ቃል፡ ተመሃሮ ታሪናዎም ነፀግዘልጡ ምጣር ካብ ቀንዲ ተልእኾታት ማሕበር ነፀግዘኽኑ ብምጥቃት፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ታሪክ ናብ ዝተፈጸመሉም ቦታታት ብኦቶል ምብጻሕ፡ ታሪናዊ ብቑዕ ክትፈልጥ ነፀግዘኸየዝ ኣብሪህ።

ኣዘ. መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ገዲም ተጋዳላይ ካፒተን መብራህቲ የማ ብወሸ፡ ንተሳተፍቲ ብዘዕባ ነበብን ኣብኡ ዝተፈጸመ ቅያታትን ብሓፈሻ፡ ነፀኡ'ውን ንሓፈሻዊ ኣተሓሳሰብን ኣቓውማን ማንር ናቕፋ፡ ዝተዓብረ ምርብራባትን ዝተኸፍለ መሳዋእትን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ካፒተን መብራህቲ ኣሰዒቡ፡ ብዘበድ መሳዋእቲ ዝተረጋገጸትን ዝተዋሕሰትን ናጽነት ንዝልኣለም ተዓቢባ ንኽትኸበር መንእሰያት ተመሃሮ ታሪኽን ክብረታትን ሕብረተሰባም ብቦክኽ ክፈልጡ፡ ተወዲቦም ኣብ ታሪናዊ ቦታታት ዑደት ክካየዱ፡ ነፀኡ'ውን ንዘተሓልፈ ነበድ መድረኾት ክየዝክሩ ተማሕጸኑ።

ተሳተፍቲ ብወዝናም፡ ነፀ'ዚ ዝኣመሳሰለ መደባት ንክሕሉ ዜጋ ብሓፈሻ ንመንእሰያት ተመሃሮ ደማ ብፍላይ ኣገዳሲኡ ልዑል ስለዝኾነ፡ ብሄራዊ ክብሪ ተጻብዮም።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቀ.ሰ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቀ.ሰ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሉእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰለሞን ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣደም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቀ.ሰ.113395-07588045

ምልክታ

ቀ.ሰ 125013 - ቀ.ሳ.ጸ 1284

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት	መደብ
12:00	ሃገራዊ መዝሙር
12:05	ድራማ
12:30	ዜና (ትግርኛ)
12:50	ዜና ስፖርት
12:55	ተክ ኢንላይት
13:30	ዜና (ዓረብ)
13:45	መደብ ሄራር
14:20	ቁስቲ ድሕኒት
14:40	ፍረ ጻዕሪ
15:10	ህርመት
16:30	ማህደር
17:00	ዜና (ትግርኛ)
17:15	ቅኒሕታ
17:30	ዜና (ዓረብ)
17:45	መደብ ማእዝር
20:00	ዜና (ትግረ)
20:15	መልሲ ኣብ መስመር
21:00	ዜና (ትግርኛ)
21:25	ዶክመንታሪ - ሓቅን ጸወጸዋይን ፊት ንፊት 7ይ ክፋል (ድግማ)
22:00	ዜና (ዓረብ)
22:10	ድራማ
22:30	ዜና (እንግሊዝ)
22:40	ፈንቅል

ዘዕቦ ሎጣ

ሰረበ እስቲፋኖስ

ረፈረንደም ኤርትራን ጥምዘዛ ታሪኽ ልሂቃን ኢትዮጵያን

እዚ መጽናዕታዊ ጽሑፍዚ፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተሓቲሙ ዝወጸ ኮይኑ፡ ኣቡዚ ጽሑፍ ቀሪቡ ዘሎ ሓቢኤታን ኣሃዛዊ ጭብጠታትን ዕዙዝ ኣጉዳሰቡ፡ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብምኽንያት መላል 33 ዓመት ዝኽሪ ረፈረንዳም ደጊሙ ዝቐርብ ዘሎ ምኽኒ ንኣንብቡትና ንሕብር።

ኣብ ዝሓለፈ መዋእል፡ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ታሪኽ እናሰምዝዙን ልቢ ወለድ ታሪኽ እናፈጠሩን ንህዝቢ ኤርትራ ሃገር ኣልቦ ክንብሩዎ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኣታሊሉም ናብ መጋርያ ከናት ክጠብሰሎ ብዙሕ'የም ሃሊኾም። እዚ ጥምዘዝ ታሪኽን ናይ ሓሶት ድርሳናትን ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ እውን ኣየብቅዐን። ነቲ ኤርትራዊ ናጻ ህዝቢን ሃገርን ነምግዛረን ነምግሽኑን ብቓልሱን መሳዋእቲን ደጊሙ ዘረጋጹ ሓቂ ብመገዲ ጽሑፋተይም ኣብሉም ክብርዝዎ ዝኽእሉም ደጋጺሩ ኣለዉ። ብሓጺሩ ሃገርን ታሪኽን ዘይብሉ ሕብረተሰብ ገይርም ክቐርጹዎ ህርዲግ ምላል ኣይገደፉን። እቲ ቀደምን ብዝፍጥ ወተሃደራዊ ማቐሚን ናይ ሓሶት ድርሳናትን ዘይተመረ ዕጣማ ጥምዘዝ ታሪኹ ሕጂ ድሕሪ ስዒርት ብመገዲ ብርዕታተይም ኣብሉም ክቐጽልዎ ንዝብ ኣለኹ።

ኣብዚ ወፍሪ ጥምዘዝ ታሪኽዚ፡ ዓቢ ግደ ክጻወቱ ገጀንሑን ዘለዉን ኢትዮጵያውያን ጹሑፍን ምህራትን ኣለዉ። እቲ ኣብዚ እዋንዚ ገለ ኢትዮጵያውያን ጹሑፍ ወይ ፖለቲኸታት ንታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዘይመልክዑ ብምኻብ ዘኽይዱዎ ዘለዉ ቃልሲ ቀዳራ ታሪኹ ብሓፈሻ ናብ ህዝቢ ኢትዮጵያ (ብፍላይ ድማ ናብቲ ሓዳሽ ኢትዮጵያዊ ወለዶ) ገቐዕዕ እዩ። እቲ ወፍሪ መቐጸልታ ናይቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዘዕገበሉ ኣገባብ ዝጅመር ኮይኑ ብፍላይ ኣብ ሓዳስ ኤርትራዊ ወለዶ ብዙሓት ሕቶታት ዘልዕል እዩ።

እዚ ብኢትዮጵያውያን ጹሑፍቲ ደይ መደይ ኣልክ ብቑጻሊ ዝወደድ ምትሕልላኽን ምጥያሳዘን ታሪኽዚ፡ ብወገን ኤርትራውያን ከምቲ ዝድለ ዝግበኡ መልሲ ኣየወሃበን እዩ። ልክዕዩ ሰቕታ ወይ ርክቡት ኣብ ገለ እዋናት መልሲ ክኽወን ይኽእል'ዩ። ይኹንምበር ኣብ ነፃሚ ገሎማሳለ ብወላይታ ነፃበር ወፍሪ ምህሃነን ምብራዝን ታሪኽ መልሱ ዝብሪ ዘይምርኣይ ሳዕቤኑ ቀሊል ከይኸውን ይኽእል እዩ።

ድሕሪ ስዒርት ኢጣልያ ኣብ 1940ታት፡ መጻኢ ዕድል እተን ኣብ ትሕቲ ኢጣልያ ዝነበራ ሃገራት ኘኽወሰን ክርክር ኣብ ዝተሳተፉሉ እዋን ስርዓት ሃይለስላሴ 'ኤርትራ ብታሪኽ ዘይትዛመል ኣኽል ኢትዮጵያ እያ' ዝብል መጦት እዩ ኣቕሪቡ ነይሩ። እዚ መጦት'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ጹሑፍቲ ዓቢ ኽልዋ ነምግዝር ባይሩ ታፍላ (Bairu Tafla. Interdependence through Independence: The Challenges of Eritrean Historiography. 1994.) ይገልጾ። ባይሩ ኣብ ጽሑፉ እቲ ኢትዮጵያ ዝሃዘቶ መርጫ፡ ኣብ ልዕሊ ጹሑፍትን ጋዜጠኛታትን ነቢ ጽልዋ ነምግሕደረን ዝጠቐሱ ድማ ነቲ መግቶ ብዘይ ገለ ሕቶ ነምዝቀበሉዎን ድሕሪ ምምልካቶም፡ እቲ መርጫ ጸለዋ ስለዝበረ፡ ካብኡ ገኹስ ገኹስ ንኣቶ ርኢይቶ እንተቕረበ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ዝበሉ ፍሉጣት ጹሑፍቲ ስንባደ ይፈጥር ነምዝበረ ይገልጾ። ቀጺሉ ባይሩ ነምዝ ዝነዐበ ይወሰኽ።

"ነቲ ኤርትራ ዘይትገጽል ኣኽል ናታቶም ግዙኦት ነይሩ ዝብል እምመ ናብ ጠረጴዛ ዘቕረበ መምህር ኢትዮጵያ እንተነይሩ፡ ዋቆን ናይቲ እምመ ክቡሩሕን ኣብ ጽሑፍ ክስረትን ዝበሉ ድማ እየም ጹሑፍቲ'የም ዝበሉ።"

ሓሳት እንተ ተደጋጊሙ፡ ኣብ ልዕሊ ሓፋሽ ህዝቢ ጥራሕ ዘይኮነ ንኣቶ ርኢይቶ ድሕሪ ምዕራፉ ኣብ 1991 ኤርትራ ናጻ ምስ ኩኑት፡ ግዜያዊ መምህር ኤርትራ፡ ህዝቢ ኤርትራ መጻኢ ዕድሉ ባዕሉ ኾነ'ኩም ዝብል ኣቋም ኣብ 7 ሚያዝያ 1992፡ ኣዋጅ ረፈረንደም ነምዝወጸአ ይፍለጥ (ጽሑፉ ኮሚሽር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ https://www.refworld.org/docid/3df4be300.html) ናጽነት ንምእዋጅ ከይተሃወሽ ደማ ድሉት ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ነምዝበሉ ሃገር ክልተ ዓለም ክፈልጣን ኣፍልጦ ክህቡን ምእንቲ፡ ረፈረንደም ካብ 23-25 ሚያዝያ 1993 ክቐየድ ወሲኑ። ኮሚሽን ረፈረንደም'ኳ ካብ 600 ንላዕሊ ኣህጉራውያንን ዓለምለኻውያንን ተዓዛቡቲ ብምዕዳም ሃገረውን ዓለምውን መዐዛኒታት ዘማልኡ መዋርስ ብምኽታል'ዩ ነቲ ታሪኻዊ መዋርስ ምሉእ ድምጺ ኣሳይዱዎ። እየም መማኪታት እንታይ ይመሳሉ ነምዝበሉ፡ ዝም ዝነዐቡ ክልተ መገለጺታት ረፈረንደም ምጥቃዕ ጥራይ፡ ንጹር ሰኣሊ ንምሓዝ ይሕግዝ'ዩ። ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ ትርጉም ረፈረንደም እንታይ ነምዝመሳል ክገልጽ ከሎ ነምዝ ዝነዐቡ ይብሉ–

ረፈረንደም ህዝቢ ብዘገለ መጻኢ ዕድል ሃዱ ንምውሳኔ ብዘይገለ ምትእትታዋትን ተጽዕኖን ብቑዋታ ዝካየደሉ ኣጋጣሚ እዩ። ስለዝኾነ ደማ ረፈረንደም፡ ናይ ብሉሓት ድሌት ዝሓቁፍ ምስ ደሞክራሲያዊ ሕቶ ዝዛኣለ ክብ ዝበለ ዲሞክራሲያዊ ተግባር እዩ። ንረፈረንደም ልውል ዝብል እቲ ጉዳይ ውሳነ ቁሉሕታ ዘድልዮን ምስ ዝኸውንን ሕጋዊነቱ ደማ ንዝዘዘ ምስ ዝኸውንን እዩ። (ገጽ 3-4)

'ምርጫ፡ነዞም ሊሂነዞም መዛዘቢ ቃላት' ዝብል ማህደረ-ቃላት 'ረፈረንደም' ንዝብል ቃል፡ 'ሕዝባዊ ውሳነ' ኣሉ ተርጕሙዎ ደርጉቡ። ኣሰያቡ'ውን ነምዝ ይብሉ–

ኣብ ሓደ ሃገር ዕብይ ንዝዘኩ ጉዳያት፡ ቀዋምነ ሕጋን ካልኦት ፍርይ ፍርይ ንዝዘኩ ሃገረውያንን ኣህጉረውያንን ጉዳያት ማእከል ዝገበረ ፖለሲ ወይ ደማ መሓዝቲ እንኮኖ፡ እንተነዉ፡ ዝዀደሉ ኮነታትን ኣብ ኣፈጻጽምኡ ክኽሰተሉም ብዘገለ ዝኾዉ መዋርስን ብመሳርያ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ሕጊ ደወሰኽ። (ገጽ 21)

ረፈረንደም ኤርትራ 1993 እምባኦ፡ ዝም ተገለጸም ዘለዉ ቁጥዓት መገለጺታት ረፈረንደም ተኸሰሉን ኣኽብሩን ዝተኻየደ ምንባሩ ቀጺሉም ብዘቐርቧ ጭብጥታት ተረጋጊጹን ተመሳኺሩሉን እዩ። እቲ ናይ ሸው ረፈረንደም፡ መቐጸልታን መሪያም'ታን ናይቲ፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ እዋን ቃልሲ ንጽናት ብ22/11/1980 ኣወጺኡዎ ዝነበረ ብዕል ሸውዓት ሃገባ እማም ረፈረንደም እዩ ነይሩ። ዝ ኣመልኪቱ ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ ነፃሚ ዝነዐበ ኣሰፊሩ ደርጉቡ[]

ኣብዚ ሓደሽ ናይ ዓወትን ሃፍትን ኮነታት ኤርትራ፡ ኣንፃባት መዋርስ ረፈረንደም ኣብ ክልተ መዛረት ይቐውም፡ እቲ ቀዳማይ ቅድሚ 12 ዓመት ዕቱብ መዛኽል እምም ረፈረንደም ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዘረጋገጾ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ጉዳይ ኤርትራ ብወተሃደራዊ መልክዕ ዕልባት'ኳ እንተረኸበ ህዝቢ ኤርትራ ብመሳት ተጠቒሙ፡ ነቲ ዝተገንጽፎ ዓወት ሕጋዊ መልክዕ ዘልብሰሉ እዩ። (ገጽ 5)

ረፈረንደም ኤርትራ፡ ኣዘዮ ብዙሓት ቀጽርን ዓይኑን ዝሰርም ተዓዛቡቲ፡ ኣብ ዝሰፈሩሉ እዮ ተኻይዱዩ። ነቲ ኣፍራቒውያኑ ምርጫታት ንምዕዛብ ትገቶት ኣደሉን ዝብል ርድኢት ንምግላፅ፡ ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ እቲ ጸብፀበ ግኡ ናብ 123 ደደቡ ንረኽቡ፡ ብዘወሃኽሽ ኣብቲ በሉቲን 90 ጋዜጠኛታት ነደርም ዝበሉም፡ ኣብቲ ናይ መውጹኢታ ጸብፀበ ግኡ 133 ኣሰፊሩ ንረኽቡ። (ልዕሊ ኣርብዓ ሓደስቲ መጺኦም ግሉፃት)። እዚ ሓቂ'ዚ፡ እቲ ጠሰባት ናይ ተዓዛቡቲ ማዕረ ክንደይ ብዙሕ ነምዝበሉን ብኡ ምኽንያት ድማ እቲ ሰራሕ ክሰብ ክንደይ ኣደቑሚ ምንባሩን ዘርኢ እዩ።

ነቲ ዝርዝር ምስ እንምልክት፡ እቲ ሰኣሊ

ቁ.	ሰም ሃገር	ቁ.	ሰም ሃገር
1	ሆንዲ	22	ኢጣልያ
2	ሕብረት መንግስታት ኣሜሪካ	23	ኣወስትረልያ
3	ሕብረት ኢሚራት ዓረብ	24	ኢይቮሪኮስት
4	ሕብረት ሶቬት	25	ዓዲ እንግሊዝ
5	ሊባኖስ	26	ያመን
6	ሊብያ	27	ኣስትሪያ
7	ምስሪ	28	ካናዳ
8	ምዕራብ ኣፍሪቃ	29	ኬንያ
9	ስዑዲ ዓረብ	30	ከወይት
10	ሱዳን	31	ዘምባብወ
11	ስዋዘርላንድ	32	ዛምቢያ
12	ሶርያ	33	የመን
13	ሽወደን	34	ዩጋንዳ
14	ቸጠር	35	ዴንማርክ
15	በልጅየም	36	ጀርመን
16	ባሕረይን	37	ጃፕቲ
17	ታንዛንያ	38	ጆርዳን
18	ዝዘርላንድስ	39	ግሪኽ
19	ኖርወይ	40	ፊኒላንድ
20	ኢራቕ	41	ፊንላንድ
21	ኢትዮጵያ		

ክቡድ ተወጠኑ ዝበረ ረፈረንደም፡ ብዓይነቱ ፍልይ ዝበለ ንምግባሩ፡ ነምዘብጠበለ ይገልጾ'ሞ ነምዝ የነብቡ–

. . . ነም ሳዕቤን ናይዚ ኩኑ ረፈረንደም ኤርትራ ሓደ ካብየም ኣብ ዓለም ዝነዐለ ትዕዘቡቲ ዝርሰቡ ረፈረንድምት ንምግባሩ ወኒ። ስለዚ ኩኑ መንግስታት፡ ዞባውያን ውድባት፡ ዘይመንግስታውያን ውድባት (ብቐንዱ ውድባት ሰብኣዊ መሰላትን ሰብኣውያን ማሕበራትን ዘጠቓልል)፡ ምህራት፡ ወሩ-ሮት ውልቀሰባትን ኣህጉራዊ መራሸቢ ብዙሓንን ናብ ዝርጋቡዎ ብዙሕ ዝዴኦቶም ተግዛቡቲ። ዳርጋ 600 ዕድመታት ተሰዳዲኤ። ብዘየገዚ፡ ኮሚሽን ረፈረንደም ወፃዛዊ ዕድመ ካብ ዘዐለኣኸሉም ውልቀሰባትን ውድባትን ነቐርብ ምልክታ ከይተረፈ መርሓብ እናበለ ይቐበል ነይሩ። ዝኸኑ ነፃሚ ዝበለ መመልከቲ ኣይጸረፉ። ብሓጺኻ ድኣ፡ ኮሚሽን ረፈረንደም፡ ካልኣ ይትረፍ ነቶም ሓደ ወይ ክልተ መዛረት፡ ቅድሚ ምጅማር ምድማጽ ከፍሉጡ ብሃገደቡ ዝመጹኡ በጽሑፍ'ውን ይቐበልን መዝርፎ ደረኽሉምን ነይሩ እዩ። 547 ተዓዛቡትን 137 ኣብኡ ኣህጉራዊ መራሸቢ፡ ብዙሓንን ዕድመታት ኮሚሽን ረፈረንደም ተቐቢሉምዎ። (ገጽ 48-49)

መዋርስ ምሉእ ድምጺ ክልተ ወይ ሓደ መዛረት፡ ክነዕ ዝተርፍ፡ ሃገደቡት ንዝመጽኡ ተዓዛቡቲ፡ ጠለባቶም ነምልኣሉም ምኽኣሉ፡ ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ ክነዕ ክንደይ ነቲ ሰራሕ ብዕቡብ ሐዙም ነምዝበረ ዘጽርጉ እዩ። ንኣቡት፡ ኣብዚ ቀረባ ዘሎ ሰንጠረዥ ነምእንዘቡ እቲ ኮሚሽን ቅድሚ ኑሓሰ 1993 ኣብ ዘወጸኡ በሉቲን (20 ሚያዝያ) ቀጽሪ ተዓዛቡቲ፡ ውድብ ሕብረት ሃገራት 121 ዝበረ፡ ኣብቲ ናይ ኑሓሰ ናይ መውጹኢታ ጸብፀበ ግኡ ናብ 123 ደደቡ ንረኽቡ። ብዘወሃኽሽ ኣብቲ በሉቲን 90 ጋዜጠኛታት ነደርም ዝበሉም፡ ኣብቲ ናይ መውጹኢታ ጸብፀበ ግኡ 133 ኣሰፊሩ ንረኽቡ። (ልዕሊ ኣርብዓ ሓደስቲ መጺኦም ግሉፃት)። እዚ ሓቂ'ዚ፡ እቲ ጠሰባት ናይ ተዓዛቡቲ ማዕረ ክንደይ ብዙሕ ነምዝበሉን ብኡ ምኽንያት ድማ እቲ ሰራሕ ክሰብ ክንደይ ኣደቑሚ ምንባሩን ዘርኢ እዩ።

ነቲ ዝርዝር ምስ እንምልክት፡ እቲ ሰኣሊ ዝብ ዝነዐቡ ይመሳሉ– (ምኽ. 1. ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ በሉቲን ረፈረንደም፡ (20 ሚያዝያ 1993)፡ ኣጋይሽ ኤርትራ ኣትዮም፡ ቁ. 7፡ ገጽ 2-3። 2. ጸብፀበ ኮሚሽር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ (1993)፡ ረፈረንደም'93፡ ህዝቢ ኤርትራ መጻኢ ዕድሉ ይወሰኽ።)

ስለዚ፡ ረፈረንደም ኤርትራ 1993 ብኩንገደም ዓይኑን ብዘሕነን ተዓዛቡቲ፡ ዘይጎቐ እዩ ነይሩ። ብዘይገ'ቲ ኣብ ወሻከ ሃገር ዝተንበረ ምንባ ድምጺ፡ ኣብ 41 ሃገራት ዓለም'ውን ተኻይዱ ነይሩ። እተን ኤርትራውያን ዝኾዉለን ገለኹ'ሞ ረፈረንደም ኤርትራ ዝተኻየደለን 41 ሃገራት፡ እዘን ዝነዐየን ነይሮ–

ሓንቲ፡ ካብኡተን ረፈረንደም ኤርትራ ዘኣንገዳ ሃገራት ኢትዮጵያ ባህላ እያ ነይሩ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝበረ መወዛገቢ ድምጺ ኽቕጣታት 11 ክኸና ከለዋ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንፃያምን ሃረገን ሰነሰነ፡ ኣብ ናዝሬት ድማ ክልተ ኽቕጣታት ነበራ (ጽሑፉ ኮሚሽር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ)። ነምኡ'ውን ረፈረንደም ኤርትራ እሱራት'ውን ዝተኻፈፉዎ መዋርስ ነምዝበረ ይፍለጥ (ነምህ)።

ስለዚ ረፈረንደም ኤርትራ ዝኣየዎም ገኣማሳሉ ሃገረውን ዓለምለኻውን መሰላጢታት ብምልኣ ኮነታት እዩ ተኻይዱዩ። ክንዲ ዝኸኑ ማሕበረሰብ ዓለም ገፈቐዶን ንቐኣዕት ኣፈጻጽምኡ ምኽኽርቱ፡ ገለገለን ዋራይ ዘይኣሃ ልዑል ናእዳ ዝርሰብ ኣደናቒ መዋርስ ኮይኑ'ዩ ኣብ ታሪኽ ዓለምና ተመዝጊቡ ዝርከብ።

ይቐጽል . .

ተሳትፍቲ ኣካላት	ውድብ ሕቡራት ሃገራት	ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ	ጋዜጠኛታት	ዘይመንግስታውያን ውድባት ረዲኤትን ልምዓትን	ሃገራት ዓረብ	ሻራ ዘይብለን ሃገራት	ናይ ዜጋታት ተቐጻጻሪት ጉጅለ	ድምር
ብዝሒ	123	18	133	100	3	3	230	610

ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

ባብ ዕድላት ሰንኩላን እንክርሓው



ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ምንጋስ ዝዋበር ዘሎ ቀጻሊን ዘይሕለልን ጻዕራታት፡ ከም መቐጸልታኡ ማሰረታዊ ሰብኣዊ ክብረት ሰንኩላን ዝሕሉ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ዓቕምታተየምን ብቕዓተየምን ዘማዕበል ከምኡ'ውን ኩሉ-መዳያዊ ንጡፍ ተሳትፎ ዘለዩል ፖሊሲታት ተሓንጺጾም፡ ግብራውነቶም ንምርግጋጽ ዕቱብ ኣተኩሮን ክትትልን ይግበረሎም ኣሎ። እዚ ድማ ትሕዝቶ ሰፊዕ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ብንጹር ዝገልጾ ኮይኑ፡ ንኣብነት፡ ኣብ 1994 ዝጸደቐ ቻርተር ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን፡ ማክሮ-ፖሊሲ 1994፡ ኣብ 2011 ዝወጸ ፖሊሲ ትምህርቲ፣ ፖሊሲ ትምህርቲ ንዓበይቲ 2005ን ካልእን ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ትምህርቲ ምዕሩይ ተበጻሕነትን ብቑዕ ትምህርቲን ንኽረክብ ከም ዘለዎ ዘገንዝቡ'ዮም።

ስትራተጂያዊ ውጥን ትምህርቲ ካብ 2018 ክሳብ 2022፡ ሓደ ካብ ስትራተጂያዊ ቀዳምነታት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብኡየም ፍሉይ ኣደህቦ ዝጠልቡ ክፋል ሕብረተሰብ ማለት ሰንኩላን ህጻናት፡ ህጻናት ደቀንስትዮ፡ ኣብ ዝተወጸዐ ክፍሊ ሕብረተሰብ ዝርከቡ ህጻናት ብምትኳር፡ ብቑዕ ናይ መባእታን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቲ ከምዝረኽቡ ዝገበረ እዩ።

ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ማሕበራዊ ጸገማት ዘጋጠሞም ኣባላት ሕብረተሰብ ዝተጣጣሓሎም ባይታን ዝተኸፍተሎም ዕድላትን ንምርካብ ዘኽእሎም ብድህሉታት ተኣልዩ ርትዓዊ ማዕርነትን ንኽረጋገጽ ይሕልን። ሓቐኛት ድማ ከም ክፋል ማሕበራዊ ፍትሒ ማለት ነፍሲወከፍ ዜጋ ምዕሩይ ምቕረሐ ጺጋታት፡ ዕድላት ከምኡ'ውን ውሳኔታት ከም ዝህልዎ ይገብር። ትምህርቲ ከኣ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ክረኽቦ ዝግብኦ መሰል ኮይኑ፡ ብመንጽር ዝተዳለወ ስርዓተ-ትምህርቲ፡ ሃገርና ኣካውና ኣገባብ ኣመሃህራ፡ ባህላዊ ድሕረ-ባይታን ካልእን ተመርኩሱ ከምዝረጋገጽ ይገብሩን። እዚ ድማ ሃገራውን ባህላውን ኩነታት ዘንጸባርቑ መጽሓፍቲን ናውቲ ትምህርትን ምድላው ከምኡ'ውን ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሕግዙ ዜጋታት ብመንጽር ዘለዎም ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዓቕሚታትን ብቕዓትን መሳለጥያታት ምውዳድን ካልእን ክግለጽ ይኽእል።

ዝሓለፈ ሰለስተ ዕቑድ መንግስቲ ኤርትራ፡ ዝኾነ መትከላት ማእከል ገይሩ፡ ኩሎም ዜጋታት ምዕሩይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንኽረኽቡ እኹል ዕድላት ኣብ ምፍጣር ኣበርቲዑ ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን። ከም መርኣያ ትግበራ ናይዞም መትከላት ድማ፡ ሰንኩላን ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዘለዎም ተሳትፎ ንኽዕዘዝ ኣድላዪ ዘበለ ዕድላት ከኸፍት ክኢሉ እዩ።



ሰንኩላን ልክዕ ከም ጥዑያት ዜጋታት፡ ዘለዎም ፍሉይ ድሌታት ኣማሊኦም ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ትምህርቶም ብምክትታል ዘድልዮም እኹልን ብቑዕን ፍልጠት ከምኡ'ውን ክእለት ንኽጥርዩ ዝሕግዞም፡ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ተመስሪተን እየን። ኣብዚ መዳይ ዓይነ-ስዉራን'ውን ተጠቀምቲ ናይዚ ዝተገለጸ ዕድላት ኮይኖም፡ ኑብሶም ንኽኽእሉ ኣብ ዝዋበር ጻዕራታት እወታዊ ወጽኢት ኣምጺኦሎም እዩ።

ኣብ 2006 ዓ.ም፡ ብሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ዝተኻየደ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ከምዝሕብሮ፡ ኣብ ኤርትራ ብሰንኪ ዘጋጠሞም ሕማማትን ዝወረዶም ዝተፈላለዩ ሓደጋታትን ኣስታት 47 ሽሕ ዓይነ-ስዉራን ኣለዉ። እዚ ዝኣክል ዓቕሚ ሰብ፡ ኣፍራዪን ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ኣድማዒን ንምግባር፡ ናይ ግድን ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክሳተፍዎ'ዩ ዘሎ። ክንዲ ዝኾነ ኸኣ ዘጋጠሞም ናይ ምርኣይ ጸገም በዳሆም ተጠቒሞም ንኽኾኑ፡ ርሁው ዕድላት ተኸፊቱሎምን ዝኣክል ቀረባት ተዋዲዱሎምን እዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ካብ መባእታ ክሳብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ተኸታቲሎም ዕዉታት ክኾኑ ክኢሎም ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዝተፈላለዩ ዓውዲታት ተመሪቖም፡ ኑብሶም ክኢሎም ማሕበሮኦም ከካይዱ ኣይጸገሙን። እዚ ኸኣ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ዜጋታቱ ዝገብሮ ዘሎ ዘይሕለልን ዘየቋርጽን ጻዕራታት ህያው ኣብነት እዩ።

ኣብ ኣስመራ እትርከብ ኣሕዳሪት መባእታ ቤት-ትምህርቲ ዓይነ-ስዉራን ኣብርሃ ባህታ፡ ፍሉይ ድሌታት ዓይነ-ስዉራን እተማልእ እንኮ ቤት-ትምህርቲ እያ። ካብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ንዝመጹ ናይ ምርኣይ ጸገም ዘለዎም ዜጋታት ተቐቢላ ድማ፡ ኣካዳምያውን ዝተፈላለየ ክእለታዊ ትምህርትን ተቕስም። እዛ ቤት ትምህርቲ፡ ብኤርትራዊ ዓይነ ስዉር ብመምህር ሰዩም ወልደማርያም፡ ብፍቓድ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ 1967 ዓ.ም ተመስሪታ። ቀንዲ ተልእኾኣ ድማ፡ ዓይነ-ስዉራን ናይ ብሬል ትምህርቲ ከም ዝቐስሙ ምግባር፡ ሞያዊ ክእለት ከጥርዩ ምሕጋዝ ህጻናት ዓይነ-ስዉራን መዓልታዊ ዘቤታዊ ንጥፈታቶም ባዕሎም ከምዝሰርሑ ምእላይን ምክትታልን ኣብ መወዳእታ ኸኣ ኣፍራይቲ ኣካል ሕብረተሰብ ከምዝኾኑ ምግባር እዩ።

ዓይነ-ስዉራን ተመሃሮ፡ ኣብዛ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ኩለን እተን ናይ ምርኣይ ጸገም ዘይብሎም ዝምሃርወን ዓይነታት ትምህርቲ'ዮም ዝምሃሩወን። መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብብሬል ስለዝካየድ ድማ፡ ተመሃሮ ዘጋጥሞም ጸገም የብሎምን። ዓይነ-ስዉራን ህጻናት፡ ብዘይካ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥንካረ ከሕድሩ ዝሕግዞም ስራሓት ብንጥፈት ከምዝዋስኡ ይግበር። ንኣብነት፡ ኣካላዊ ጥዕናኦም ንምህናጽ ኣብ ዝዋበር ስርሓት፡ ከም ኩዕሶ እግሪ፡ ኣትሌቲክስ፡ ብፍሉይ ዓይነ-ስዉራን ብዳርባ ኣደ ዝጻወትዎ "ጎልብል" ዝበሃል ዓይነት ጸወታ ኩዕሶ ውድድር ሚዛን ክበደትን ካልእት ስፖርታዊ ንጥፈታትን ይሳተፉ። እዞም ወገናት ኣብዚ ከይተሓጽሩ ናይ መዚቓን ባህሊን ክእለቶም ዘማዕብል ንጥፈታት ከምኡ'ውን ወትሩ ዕድላት ምስ ተፈጥረሎም'ዩ።

ሰንኩላን ምስ ሕብረተሰብ ተጸንበርም ክመሓሩ ምግባር፡ ማሕበራዊ ርብሓታትን ጠቐሜታን ስለዘለዎ፡ ዓይነ-ስዉራን ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርቶም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዓይነ-ስዉራን ኣብርሃ ባህታ ድሕሪ ምክትታሎም፡ ምስ ስድራቤቶም እናተቐመጡ ከምዝምሃሩ ይግበር። እዚ'ውን ሓደ ካብ መትከላት ሚኒስትሪ ትምህርቲ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ዝበዝሑ ዓይነ-ስዉራን ካብ ርሑቕ ገጠራትን ትሑት ደረጃ መነባብሮ ዘለዎም ስድራቤታት ዝመጹ ብምዃኖም፡ ናብ ርሑቕ ገጠራት ከይዶም ብናጻ እናተንቀሳቐሱ ክመሃሩ ይጸገሙ ነይሮም። ኣብ ከምዚ ኩነታት ትምህርቶም ከቋርጹ ዝገደዱ ዓይነ-ስዉራን'ውን ነይሮም እዮም። መንግስቲ እዚ ዕንቅፋት'ዚ ንምእላይ፡ ካብ 2012 ኣብ ዝሓለፋ ዓመታት ናይ ቀለብን ክራይ ገዛን ወጻኢታት እናሸፈነ፡ ምስ ኣዒንቶም ዝርእዩ ተጸንቢሮም ኣብ ዝተፈላለያ ኣብያተ ትምህርቲ ከም ዝምሃሩ ገይሩ። ካብ 2013 ኣትሒዙ ኸኣ ኣብተን ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝመሓደራ ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ምስ ኣዒንቶም ዝርእዩ ብጾቶም ተመሃሮ ተጸንቢሮም ከምዝምሃሩ ገይሩ። ከም ኣምሳያ ናይዚ ኸኣ ዓይነ-ስዉራን ብዘይ ዝኾነ ጸቕጢ እፎይ ኢሎም ትምህርቶም ክከታተሉ ክኢሎም ኣለዉ። ኣብ ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ጎኒ ኣቓርደትን ደቀምሓረን ምስቶም ካብ ዝተፈላለያ ዞባታት ሃገርና ዝመጹ ዝርእዩ ብጾቶም ተሓቒፎም ይምሃሩ ኣለዉ።

ዓይነ-ስዉራን ተመሃሮ ከም ኩሎም ዝርእዩ ብጾቶም ተመሃሮ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ድሕሪ ምዝዛሞም፡ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ንምቕጻል ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ-ሳዋ ይኸታተሉ። ከምቲ ንፈልጦ ሳዋ ክንጾ ክፍሊ-ታዕሊም፡ ቤት-ትምህርቲ ማሕበራዊ ህይወት'ውን እያ። ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ኣድልዎ ዘይብሉ ሰንኩላን ትምህርቶም ብናጻ ብዘይገለ ጸቕጢ ዝከታተሉሉ፡ ጠለባቶም እትምልስ ምቹእቲ ቤት-ትምህርቲ እያ። ዓይነ-ስዉራን ድማ ንሳቶም ኣብ ዝምችእ ብሉቕ'ዮም ዝቕመጡ። ዝመርሖም ሓገዝቲ ተመሃሮ ይግበረሎም። ዘድልዮም ኣካዳምያዊ መሳለጥያ ብዘየጉድል ደረጃ ይረኽቡ። ከም ነፍሲ-ወከፍ ተሳታፊ ሃገራዊ ኣገልግሎት ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ኣካዳምያውን ስፖርታውን ንጥፈታት ይዋስኡ። ምስ ተመሃሮ ብዘፈጥርዎ ጥቡቕ ዝምድና ዘማዕበልዎ ሓድሕዳዊ ሓልዮት፡ ፍቕሪ ሕውነት፡ ሰላም ምትሕግጋዝ ከጽዕ ስድራቤት ካልእ ዓባይ ቤት ከምዝኾኑ'ዮም ይርድኡ።

ትምህርቲ እቲ ንዓይነ-ስዉራን ናብ ዕውት ህይወትን ዕቤትን ዘሰጋግር እንኮ ዝበለጸ ድልድል እዩ። ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ዓይነ-ስዉራን ተማሂሮም ካብ ተጻበይቶ ናጻ ኮይኖም ናብ ትካላት ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዘሰጋግር መንገዲ ዓወት እያ።

ተሳትፎ ዓይነ-ስዉራን ኣብ ላዕለዎት ደረጃ ብብዝሕን ዓይነትን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ክኸይድ ጸኒሑን ኣሎን። ከም ውጽኢት ናይዚ ኣብ ናይ 12 ክፍሊ መልቀቒ ፈተና ዘመዝገብዎ ዘለዉ ዘተባብዕ ወጽኢት ድማ ጭብጥ ኣብነት ናይ'ዚ እዩ። ካብ ቀረባ ዓመታት ጀሚርና ምሉእ ነጥቢ ዘመዝገቡ ብሉጻት ዓይነ-ስዉራን ንርኢ ኣሎና። ንኣብነት ኣብ ናይ 2025 መልቀቒ ፈተና ካብ ዝተሳተፉ 12 ዓይነ-ስዉራን ተመሃሮ 2 ተመሃሮ ምሉእ ነጥቢ ከመዝገቡ ከለዉ፡ ዝተረፉ 10 ተመሃሮ ድማ ብደረጃ ዲግሪ ክምሃርዎ ዝኽእል ናይ ኮሌጅ ነጥቢ ረኺቦም። እዚ ወጽኢት'ዚ፡ ናይቲ መንግስቲ፡ ሞያውን ኣካዳምያውን ዓቕሚ ሰንኩላን ብምዕባይ፡ ኣፍራይትን ተወዳደርትን ዜጋታት ንምግባርም ዝገበሮ ዘሎ ዘይሕለል ጻዕሪ እዩ። መንግስቲ ንዮም ናብ ኮለጃት ናይ መእተዊ ነጥቢ ከምጽኡ ዘይከኣሉ ዓይነ-ስዉራን'ውን እንተኾነ ኣብ ገዛኦም ኮፍ ኢሎም ተጸበይቲ ከኾኑ ኣይሓደጎምን። ከም ካልኦት ዜጋታት፡ ብዝውሓዶም ስልጠና ከድምዑ ኣብ ዝኽእሉ ብፍላይ ኣብ ሞያ ምምህርና ተዋፊሮም ኑብሶም ክኢሎም መነባብሮኦም ይመርሑ ኣለዉ።

ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዝጸሓፉ ተመሃሮ ብዙሕ መጽሓፍቲ ከንብቡን ዝተፈላለየ መወከሲ ክረኽቡን ዝሓትት ዓውደ ትምህርቲ እዩ። ትምህርቲ ኮሌጅ ንሰንኩላን ብፍላይ ድማ ንዓይነ-ስዉራን ዝያዳ በዲሂ ምኻኑ ይፍለጥ። ዘድልየም መጽሓፍትን መወከሲታትን ብብሬል ወይ'ውን ኮምፕዩተር ክረኽቡ እንተ ዘይክኢሎም ድማ ተወዳደርቲ ክኾኑ ኣይክእሉን'ዮም። ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት፡ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ እኹል መሳለጥያ ብዘይምንባሩ፡ ዝወሰኑ ጽዑቕ መምሃሪ ወረቐትን መጽሓፍትን ኣብ ቴፕ ብምቕዳሕ፡ ሓገዝቲ ተመሃሮ ከምዝነብቡሎም ብምግባርን ካልእ ዝተፈላለየ ጻዕርታት ብምክያድን እዮም ዝምሃሩ ነይሮም። መንግስቲ እዚ ጸገም ብምርዳእ፡ ኣብ 1996 ዋጋ ኣስታት 50 ሽሕ ዶላር ናውቲ ብሬልን ብሬል ዝሓትማ ማሽናትን ብምትእትታው፡ ነቲ ጸገም ከቃልሎ ክኢሉ'ዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ብፍላይ ኮሌጅ ዓዲ ቐይሕ ጉዳይ ሰንኩላን ብዕቱብ ብምሓዝ፡ ንጉዳይ ሰንኩላን ዝከታተል ፍሉይ ቤት-ጽሕፈት ብምቛም፡ ድሌታት ሰንኩላን ዝምልስ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት የካይድ ኣሎ። እዚ ቤት ጽሕፈት ዓይነ-ስዉራን'ዚ ዝገልገሉ ፍሉይ ናይ ኮምፕዩተር ቤተ-መኽሪ፡ ኣማኢት መጽሓፍቲ ብሬል ዝሓዘ ቤት ንባብ ብምኽፋት፡ ትምህርታዊ ድሌታቶም ብመልክዕ ናይ ብሬል ጽሑፍ ናይ ደምጺ መጽሓፍትን ብሶፍት ኮፒን ንኽጥቀሙ ብቐጻሊ ይሰርሕ። ብዘይካ'ዚ ብልዑል ናይ ወጻኢ ሸርፊ ዝተዓደገ ብሬል ዲስፕለይ ተባሂሉ ዝፍለጥ ሓድሽ መንበቢ መጽሓፍን ቴክኖሎጂያዊ ናውቲ ብምትእትታው'ውን ንኽጥቀሙ ፍሉይ ስልጠናታት ይህብን ከምዝጥቀሙሉን ይገብርን ኣሎ።

መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፉ 10ታት ዓመታት፡ ፍሉይ ትምህርታዊ ድሌታት ሰንኩላን ንምምላእ ብዝካየዶ ልዑል ወፍሪ ብኣማኢት ዝቖጸሩ ሰንኩላን ብፍላይ ድማ ዓይነ-ስዉራን ዝተፈላለዩ ትምህርታዊ ዕድላት ብምቕሳም፡ ኑብሶም ክኢሎም ኣፍረይቲ ዜጋታት ክኾኑ በቒዖም እዮም። ብዝተፈጥረሎም ጥጡሕ ናይ ስራሕ ዕድላት'ውን ኣብ ዝተፈላለያ መንግስታውያን ትካላት ተመዲቦም ብኣድማዕነት ይሰርሑ ኣለዉ። ካብ ምምህርና ክሳብ ጋዜጠኛነት፡ ካብ ዳኛነት ክሳብ ማሕበራዊ ድሕነት፡ ኮታስ ዓይነ-ስዉራን ዳርጋ ኣብ ኩሉ ኣብያተ ጽሕፈት ምርኣይ ልሙድ ኮይኑ ኣሎ።

ካብቶም ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት መንግስቲ ተመዲቦም ዝሰርሑ፡ ብማስተርስ ከምኡ ድማ ዶክተረይት ተመሪቖም ዓቕሞም ዘዕበዩ ዓይነ-ስዉራን'ውን ኣለዉ። ሎሚ ኣብ ሃገርና ዝተማህረ ስራሕ ኣልቦ ዓይነ-ስዉር ክትረኽብ ኣይትኽእልን ኢኻ። ብኻልእ ኣዘራርባ ብምኽንያት ኣብ እዋን ሸምገልና ዘጋጥም ናይ ምርኣይ ጸገም እንተ ዘይኮይኑ፡ ኣብ ገዛኡ ኮፍ ኢሉ ምጽዋታ ዝሓትት ዓይነ-ስዉር ኣይትረክብን። ካብዚ ዝዓቢ መግለጺ ሰብኣውነት እንታይ ክህሉ ይኽእል፧ እዚ ድማ ሕፍንቲ ካብቲ መንግስቲ ብዘለዎ ውሱን ጸጋታትን ዓበይቲ ቀዳምነታትን መሰል ሰንኩላን ኣብ ምርግጋጽ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት እዩ።

ዝኽሪ ሚያዝያ

ረፈረንዱም፡ ንሕጋዊ መሰል ናጽነት ኤርትራ ዕላዊ ዝገበረ ዕዙዝ ፍጻመ

“ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ደሊዮም ብሕጋዊን ሰላማዊን መገዲ ክይገልጹ ንዊሕ ዓመታት ተሓሪምዎም ጸኒሑ እዩ፡፡ በዚ ከኣ ከቢድ ዕንወት ዘስዓበ ነዊሕ ኲናት ተኻይዱ፡፡ እዚ ረፈረንዱም'ዚ እምበኣር፡ ኣብ ክንዲ ድሌት ህዝብታት ንምዕፃፅ ሓይሊ ምጥቃም፡ ጉዳያት ብፖለቲካዊን ሰላማዊን መገዲ ምፍታሕ ስልጡን ኣገባብ ምዃኑ ዓቢ ትምህርቲ ዝሃበ'ዩ፡፡”

ቃል ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ቅንያት ረፈረንዱም - ሚያዝያ 1993

***

ሓደ ካብ ዓበይቲ ታሪኻዊ ፍጻመታት ሚያዝያ፡ እቲ ካብ 23-25 ሚያዝያ 1993 ዝተኻየደ ህዝባዊ ረፈረንዱም እዩ፡፡ ኣብዚ ፍስሃ ወ ሰላም ዝዓሰሎ ታሪኻዊ ቅንያት፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ነቲ መሪር ቃልሲ ኣሕሊፉ፡ ረዚን መስዋእቲ ከፊሉ፡ ብኣንጸባራቒ ወተሃደራዊ ዓወት ዘረጋገጾ ዘይግሃስ ሰብኣዊን ሃገራዊን መሰሉ፡ ኣብ ቅድሚ ኣህጉራውያን ተዓዘብቲ፡ ረፈረንዱም ብምክያድ፡ ናጽነቱ ልኡላውነቱን ከም ህዝቢን ሃገርን ብዕሊ ኣረጋገጸ፡፡

ናጽነት ኤርትራ ብዘይ ረፈረንዱም እውን ሕጋዊ'ዩ፡፡ ምኽንያቱ ኤርትራ ከም ኩለን ግዝኣት ሃገራት ናጽነታ ክትወስድ ማለት ካብ መግዛእቲ ሓራ ናይ ምውጻእ መሰል (decolonization) ይግብኣ ነይሩ'ዩ፡፡ እንተኾነ ንግሎባዊ ስትራተጂ ርእሰ ሓያል ኣመሪካ ተባሂሉ ብጥመጻ፡ ኣንጻር ድሌት ህዝቡ ብውሳነ ሕቡራት ሃገራት (390 AV) ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ክትቀረን ተወሰነ፡፡ እዚ ውሳነ'ዚ ኣብ ዝሓለፈሉ ታሕሳስ 1952 ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝነበረ ጆን ፎስተር ዳለስ ዝተዛረቦ ቃላት ነዚ ሓቂ'ዚ ብዘሻሙ መገዲ ዝምስክር እዩ፡

“ብዛዕባ ፍትሒ፣ ርእይቶ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ ነይሩ፡፡ እንተኾነ ግን ስትራተጂያዊ ረብሓታት ኣብ ቀይሕ ባሕርን ግዳማዊ ምክልኻል ከምኡ'ውን ዓለማዊ ሰላምን ጸጥታን እታ ሃገር ምስታ መሓዛና ዝኾነት ኢትዮጵያ ክትቀረን ግድን ገይሩዎ ኣሎ……”

በዚ ግሎባዊ ስትራተጂ'ዚ፡ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ንዝጸጸካ ዝሓለፈ ውሳነ ሕቡራት ሃገራት እውን እንተኾነ ኣይተኸበረን፡፡ ሃጼ ሃይለስላሴ ብምኽሪ ኣመሪካ ነውሳነ ሕቡራት ሃገራት ብምጥሓስ፡ ፌደረሽን ኣፍሪሱ ንኤርትራ ሓንቲ ካብ 14 ክፍላ ሃገራት ኢትዮጵያ ክትከውን ብምግባር ጎበጠዋ፡፡ ህዝቢ ኤርትራ እምበኣር፡ ነዚ ዓመጽ'ዚ ብምቅዋም'ዩ መሰሉ ብቅልጽሙ ከረጋግጽ ብረት ኣልዒሉ፡፡ በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ፍትሓዊ፡ ብረታዊ ቃልሱ ርትዓዊ፡ ናጽነቱ ድማ ብኹሉ መለክዒታት ሕጋዊ'ዩ ነይሩ፡፡ የግዳስ ነዚ ሕጋውነት'ዚ ብድምጺ ህዝቢ ደገምካ ምኽሳዕ እውን ፖለቲካዊ ረብሓኡ ቀሊል ኣይነበረን፡፡ ረፈረንዱም 1993 እምበኣር፡ ናጽነት ኤርትራ ሕጋውነቱ ደጊሙ ዝኸልኦን ዘደርዐን ዓቢ ታሪኻዊ ፍጻመ እዩ፡፡

ኣብ ባህሊ፡ ስርዓተ ኣካባብራን ያታዊ ሕግታትን ህዝቢ ኤርትራ ዓሚቚ ምርምር ዘካየደ ናይ 19 ክፍለዘመን ኢጣልያዊ ተመራማሪ ስነሕብረተሰብ ኮንቲ ሮሲኒ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሕጊ ዘለዎ ጽኑዕ እምነትን ምእዙዝነትን ከምኡ'ውን ኣብ ዓድታት ኤርትራ ዝጸንሑ ሕጊ ዝማእከሉ ስልጡን ናይ ምንብባር ስርዓት ብዕምቈት ድሕሪ ምፅናዑ፡ ንያታዊ ሕግታት ህዝቢ ኤርትራ “Guardia senza armi“ (ዋርድያ ብዘይ ብረት) ክብል ብኣድናቖት ገሊጹዎ፡፡ ብርግጽ ድማ፡ ዘይከም ኣብ ካልእ ከበቢታት ዓለምና፡ ዓድታት ኤርትራ፡ ኣብ ቅድመ መግዛእታዊ ታሪኸን ጠበንጃ ይኹን ፖሊስን ኣኽበርቲ ጸጥታን ከየድልየን ህዝበን ብሕግታት እንዳባ እናተዳናየን ንፍትሒ እናተማእዘዘን ብስልጡን ኣገባብ፡ ኮማዊ ህይወትን መሬታዊ ጸጋታትን ዝመሓደራ ዝነበራ፡ ንናይ ግዳም ተዓዛቢ እምብዛ ዘገርማ ማሕበረ ስልጡን ህዝቢ እየን ነይረን፡፡







ዳዕሮ - ሕላገት ግዝኣት ሕጊ

ኮንቲ ሮሲኒ፡ ሓደ ኣብነት ከቐርብ እንከሎ ከምዚ ይብል፡ “ወዲ 10 ዓመት ንእሽቶ ጓል ከብቲ ኣብ መሬት ጎደቦ ዓዲ ኣትየን ዘራዓይ ምስ ዘሕደጉ ከም ቀልዓ እናበኸየ ኣይተዛን ንብቱ ዝምለሰ፡፡ እንተይ ድኣ ደድሕሪቲ ዘራዓይ ሰዒቡ፡ ናብታ ዓዲ ይኣቱ'ሞ፡ ኣብታ ዓዲ ንእትርኸብ ኣሞኡ ወይ ካልኦት ኣዝማዱ ‘ከብቲ ተዘሪዐናኒ'ሞ ተዋሓሱኒ’ ይብሎም፡፡ ዋሕስ ተኸሊ ድማ ከብቲ ሒዙ ዓዱ ይኣቱ፡፡ ምሸት ኣብ ዘርያ መጋርያ ሓዊ ወለዶኡ ንኣቡኡ የዕልሎ፡፡ “ለሚ ዓዲ እከለ ከበትና ዘሪያመን ነይረን፣ ዘመድና እከለ ተዋሒሱኒ ስለዘሎ፡ ንግሆ ኬድካ ዋሕስ ኣውርድ” ኢሉ ድማ ይሕብሮ፡፡ ኣቦኡ፡ ኣንጊሁ እተን ዝኸፈላ እኽሊ ቋጺሩ ናብታ ዓዲ ብምኻድ ዋሕስ የውርድ፡፡”

እዚ ስርዓት'ዚ ኣብ ሕግታት እንዳባ ዝሰፈረ ኮይኑ፡ ኣብቲ ህዝቢ እንተላይ ኣብዮም ንኣሽቱ ቈልዑ ከም ባህሊ ዝሰረጸ መሰረት ናይቲ ብሕጊ ተማእዚዙካ ናይ ምኻድ ስልጡን ኣነባብራ እዩ፡፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ እምበኣር፡ ንኸም ዓመጽን ሻጸን ዝኣማስለ ድሑር እንስሳዊ ባህርያት ወጊድ ኢሉ፡ ንሓይልን ሱሞኒት ሓይልን ብፍትሓት ጸቢሉ ኢሉ፡ ነዊሕ ዘየዛሉ - ሓጺር ዘይሰልኩ፡ መካበሪ ስርዓት ብምቛም፡ ንዘመናት ኣብ ትሕቲ ጽላል ሕጊ ዝተመሓደረ፡ ወናኒ ስልጡን ባህሊ ኮይኑ ንሕጊ ተገዚኡ ምኻኑ መለለዪ ባህርያቱ እዩ፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኹ ተወሪሩ እምበር ወሪሩ ዝበል ጸያፍ ታሪኽ ኣይርከቦን፡፡ ብቓላት ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ “ዘይናትና ኣይንደልን - ናትና ኣይንህብን” ሓደ ካብ ፍሉጥ ክብርታቱ እዩ፡፡

ሕማቕ ናይ ታሪክ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን፡ እዚ ዘይናቱ ዘይደለ፡ ዓመጻን ጎሳን ዘይፈቲ፡ ብሕጊን ስርዓትን ምንባር ዝለምደ ስልጡን ህዝቢ፡ ኣብ ታሪኹ፡ ግዝኣተ ሜካ ብዘይምንየም ተጻዊዑ ፍጹም ኣንጻር ባህርያቱ ዝኾነ ዓመጽን ሮግዐት ሕጊን እዩ ገጢምዎ፡፡ ሓደ ካብ ደረኽቲ ረቛሒታት ናይቲ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ክፍጸም ዝጸንሐ ተደጋጋሚ ዓመጻት፡ ካብ ርሑቕን ቀረባን ዓዲ ገጸቱ ዘስሕቦ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ጸጋታትን ኤርትራ እዩ፡፡

ናይ ርሑቕ ታሪክ ገዲፍና ናይ ዝሓለፈ 80 ዓመታት ታሪክ ምስ እንምልከት፡ ኤርትራ ዝወሓለ ገምጋም ናይቲ ቀንዲ ኣህጉራዊ ንግዳዊ መስመር ዝኾነ ቀይሕ ባሕሪ ስለ እትውንን ጉዳይ ልኡላውነታ ብቑጻል መዋጽኦ ረብሓታት ናይቶም ነዚ ወሰናስን'ዚ ክቈጻጸሩ ዝደልዩ ርእሰ ሓያላን ኮይኑ ጸኒሑ እዩ፡፡ ብፍላይ ካብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ንድሓር፡ ፖሊሲ ዝምድናታት ወጻኢ ርእሰ ሓያል ኣመሪካ መሻርኽታን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ካብ መስመር ርትዓዊ ፍትሒን ርሒቑ ብዋጋ ምርግጋጽ ናይ'ዚ ዞባ ብሓፈሻ ብዋጋ ኤርትራን ህዝባን ድማ ብፍላይ ናብ ኢትዮጵያ ዘድለወ ኮይኑ ምጽንሑ፡ እቲ ዝዓበየ ጠንቂ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተፈጸመን ኹነ ክሳብ ሕጂ ንርግኣትን ሰላምን ዞባና ብኣሉታ ዝጸሉ ዘሎ በደላትን ዓመጻትን እዩ፡፡

ኣመጻጽኣ ሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ

እዚን ናይ ሕጂ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኣውሮጳውያን ጉዳኣቲ ብ1884-1885 ኣብ በርሊን ተጋቢኦም ንመሬት ኣፍሪቃ ድሕሪ ምግዛእቶም ዝተመስረታ እየን፡፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኢጣልያ ንኤርትራን ኢጣልያዊ ሶማልን፡ ፈረንሳ ንጅቡቲ፡ ብሪጣንያ ንሶማሊ ላንድ ክሕዛ እንከለዋ፡ ንጉስ ሸዋ ሃጼ ምኒልክ፡ ንወራር ኢጣልያ ድሕሪ ምዕጋት፡ ምስ ሓይልታት መግዛእቲ ሸርክነት ብምፍጣር፡ ኣብ ከበቡ ንዝነበሩ ህዝብታት እናወረረ ግዝኣቱ ብምስፋሕ፡ ነዛ ናይ ሕጂ ኢትዮጵያ እትበሃል ሃገር ኣቘመ፡፡

ዕላማ ኢጣልያ ንኤርትራን ኢትዮጵያን ምሉእ ምድሪ ሶማልን (ጅቡቲ፡ ኦጋዴን፡ ሶማልን ደቡብን ሶማል) ዘጠቓለለ ሰፊሕ ግዝኣት ምምስራት እዩ ዝነበረ፡፡ በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ፡ ኢጣልያ ብምኽንያት ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ፡ ንመሬትን ባሕርን ኤርትራ ከም ተረር መንጠሪ ባይታ (ስፕሪንግ ቦርድ) ንምግባር ዝሰፍሐ ግዝኣት ወሲዱ ኣብ ኤርትራ ዝኸፍ ርእሰማል'ያ ኣፍሲሳ፡፡ ክንዲ ዝኾነ ህንጸት ሃገር ኣብ ኤርትራ፡ ካብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተፈልየ ፍጥነት ነበሮ፡፡ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ዓበይቲ ወደባትን ንኣሽቱ ማርሳታትን ሃኒጹ፡ መዕርፎ ነፈርቲ፡ ጽርግያታት፡ መገዲ ባቡርን ቴለፈሪክን ዘርጊሑ፡ መጎዓዝያ ምድሪ፡ ባሕርን ኣየርን ኣጣጢሑ፡፡ ናይ ጸዓት መደበራት መስሪቱ፡ ናይ ስልኪን ቴሌግራፍን መራኸቢታት ዘርጊሑ፡፡ ዓበይቲ ኢንዱስትሪታት፡ መመስርሒ መኸበን ካልኦት ሃለኽቲን ፋብሪካታት ተኺሉ፡ ዝተፈላለዩ መጸገኒ ትካላት ኣቘሙ፡፡ ሰፊሕ ዳህሳስ ማዕድናት ኣካይዱ፡ ኣብ ሓያሎ ቦታታት ኩዕታ ጀመረ፡፡ ሃብቲ ዓሳን ጨውን ዝምዝምዝ ትካላት መስሪቱ፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ዓበይቲ ሕርሻታት ኣልሚዑ፡ ምዕቡል ስርዓት ቁጠባ ኣተኣታተወ፡፡

ብዘይካ'ዚ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ መግዛእታዊ ሰራዊቱ ንምዕባይ፡ ግዱድ ክታበት ኣተኣታትዩ ንኣስታት 150 ሽሕ ኤርትራውያን ሓረስቶትን ጓሶትን ናብ ወተሃደራት ቀየሮም፡፡ ኣብ ምምሕዳርን ዝተፈላለያ ኣገልግሎታትን ዝጥየፉ ሰባት ንምምልማል ድማ ካብ 4ይ ክፍሊ ዘይሓልፍ ቋንቋ ጣልያን፡ ታሪኽ ኢጣልያን ኣርባዕተ ተግባራት ቁጽሪን ጽሬትን ዘጠቓለለ መደብ ትምህርቲ ብምትእትታው፡ ባህላዊ ጽልዋታቱ ከስፍሕ ጸዓረ፡፡ ንኤርትራ ኣብ ኣውራጃታትን ወረዳታትን ከፋፊሉ፡ ኣብ ታሕተዋይ ጽፍሒታት ንኡ እሙናት ዝኾኑ ኤርትራውያን እናሾመ፡ ነቲ ዝነበረ እንዳዊን ቀቢላዊን ምምሕዳራት ምስ ዕላማ መግዛእቲ ብዝሰኒ መልክዕ ቀየሮ፡፡ ከም ውጽኢት ናይዚ ዝፍ ወፍሪን ጂኦግራፊያዊን ምምሕዳራዊን ወሃደት'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ ቅልጡፍ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ለውጢ መጺኡ፡ ሓደስቲ ማሕበራውያን ሓይልታት ተፈጢሮም፡ ኣቃውማ ሕብረተሰብ ኤርትራ ማስፍንርእሶማላዊ መልክዕ ሓዘ፡፡ በዚ ድማ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ክቐየርን ሓደ ማሕበረሰብኣእምሮኣዊ ስምዒት ክፍጠርን ሃገርነትን ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒትን ክሰስኑ ጀመሩ፡፡

እዚ ይኹን'ምበር፡ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ጸዓቱን ጸለዋቱን ሰባት ዝንቀሳቐሱሉ ከበቢታት ዝፈሊ ዓሌታዊ ሕግታት ብምትእትታው፡ ልሙዕ መሬት ካብ ደቀባት ብምምንዛዕ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ግፍዒታት ይፍጽም ብምንባሩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ዝነበረ ዓሌታዊ ኣድልዎ፡ ጭቆና፡ ምዝመዛን ግዱድ ዕስክርናን ኣብርሂሁ ይቃወሞ ነበረ፡፡ ብዙሓት ኤርትራውያን ንመግዛእቲ ኢጣልያ ብምቅዋም ናብታ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዘይኣተወት ኢትዮጵያ ክስደዱ ከለዉ፡ ብዙሓት ከኣ ኣብ ናኹራን ካልእ ኣብያተ ማሕቡሳት እናተዳጎኑ ተገፊዖምን ሓቒቖምን እዮም፡፡ እዚ መግዛእታዊ ግፍዕን ጭቆናን'ዚ፡ ብግዲኡ ሃገራዊ ስምዒት ኣብ ምዕባይ ናቱ ኣበርክቶ ነበሮ፡፡

መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኣብ ፈለማ 1930ታት ንካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብ ዝቀራረበሉ ዝነበረ እዋን ንኢትዮጵያ ብምውራር፡ ንምሉእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክቈጻጸር ስለዝወጠነ፡ ኣብ ዝፍ ወተሃደራዊ ምድላዋት ኣተወ፡፡ በዚ ድማ ኣብ ኤርትራ ዘድሊ ትሕተ-ቅርጺ ንምንጻፍ ብቢልዮናት ሊረ ዝግመት ተወሰኸ ርእሰማል ኣፍሰሰ፡፡ ቡቲ ንኤርትራውያን ኣዕሲኩሩ ዝሃነጾ ዝፍ ወተሃደራዊ ሓይሊ ከኣ ኣብ 1935 ንኢትዮጵያ ወሪሩ ክቈጻጸራ ግዜ ኣይወሰደሉን፡፡ ድሕሪ'ዚ ንኤርትራ ኢትዮጵያን ናይ ሽዑ ሶማል ኢጣልያን ዘጠቓለለ ኢጣልያዊ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝተሰምየ ብደረጃ እቶም ግዜ ሓይልታት ወግዓዊ ተቐባልነት ዘይረኸበ ሰፊሕ ግዝኣት ኣቘመ፡፡ እቲ ኩናት ግን ኣብዚ ከባቢ'ዚ ጥራይ ዝተወሰነ ኣይነበረን፡፡ ኣካል 2ይ ኩናት ዓለም እዩ ዝነበረ፡፡ ነዊሕ ከይጸንሐ ማለት ኣብ 1945 ድማ እቲ ኩናት ብስዕረት ኢጣልያን ሰብ ኪዳና ተዛዚሙ፡፡ ብሪጣንያ ንሰራዊት ኢጣልያ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሶማልን ድሕሪ ምስዓር፡ ንኤርትራን ሶማልን ብምግዚያውነት ኣብ ትሕቲ ምምሕዳራ ከተእትወን እንከላ፡ ንመሬታት ኢትዮጵያ ድማ ሃገሮም ኣረኪባቶም፡፡





ይቕጽል . .

ሓዳስ
ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳኒት ኣፍራሕ ዐሃማን ኣደምኒ ተኸሳሲ ሱፍም መሓመድ ኢማምኒ ጉዳይ ኣብ ቤ/ፍ ሸሪዓ ደርኢ ስለ ዘሎ፡ ን20/03/26 ቀሪቡ፡ እንዘለየቀሪቡ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘጸለኻሉ ክረኢ ምኻኑ ንሕብር፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳኒቲ፡ ወኪል ኣማኑኤል ተኽለ ገብረስላሰ +6፡ ተኸሳኒቲ፡ 1.4 መብረሃቲ፡ ሓደራ 3.7 መብረሃቲ፡ ገብረሂወት 6.1 ተሰፋልደት ግንቲ፡ ኣብ ልዕለኽም ናይ ወሰል ምፍራስ ክሲ፡ ተመሳሪቲ፡ ስለ ዘሎ፡ ብኣኽል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋኬያ ዕ/ኣኽለ፡ ቀሪብ፡፡ እንዘለየቀሪብኩም፡ ጉዳይካም ኣብ ዘጸለኻሉ ክረኢ ምኻኑ ንሕብር፡

ከሳኒቲ፡ ሓጎስ ተኽሌየ ደበኽይ፡ ወራ/ኽፍ/ተኽሌየ ደበኽይ፡ ተኸሳኒቲ፡ ኣቶ ናህም እሸነንድር፡ ሄርሞን እሸነንድር፡ ግዛጺ መምህኒ ዛይድ ተኽሌየ፡ ኣሮን ተኽሌየ፡ ምህሪ ተኽሌየ፡ ኣማኑኤል ተኽሌየ፣ ገምኽም ገምልኽት ክርክር ስለዘሎ፡ ብኣኽል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኬያ ቁ/35 ቀሪብ፡፡ እንዘለየቀሪብኩም ጉዳይካም ኣብ ዘጸለኻሉ ክረኢ ምኻኑ ንሕብር፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ከሳኒ ረዚ ፍሰዞ ዘርኣዘቡ፡ ተኸሳኒት ብዮልቲ፡ ቤተይ ጸሃይሽ ወልደጹን ኢሳቹ፡ ን15 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይበሉዩ፡ ቃል ኪዳን ከወርድ ስለ ገደለኸ፡ ትጸወጸለይ ስለ ዝበሉ፡ ብኣኽል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቀሪቡ፡፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሰቲ፡ ሓድቃዕም ብቩራ ቀዕምሰ፡ ምባል ተሪፉ፡ ሰቲ፡ ቃኣም ብቩራ ቃሰጥሣ ተባሊኡ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፡ 6/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋኬያ ይቅረቡ፡፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ደመነ ኣብርሃ ንብረ፡ ብሰም ወሊደይ ኹ/ሃር ኣብርሃ ንብረ ወልደንብርኤልን ነ/ፍሂረት ግሞኛ ንብረማርያም ተከሳይን ዝተመዝገቡ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ሎታ 6 ፓርሰል 'ጂ' ዝርከብ ኣብ 381.00 ት/ሜ ዝተደኅነ ብሆቴል ኣህለንዛይ ዝፍለጥ፡ ብመዛኪ ቁጽሪ 530386 ብምኽር መርቆት ቁጽሪ 530755 ዝተመዝገቡ ምስ ናይ ንባዲ ፍቓዱ ብዚያብ ገለጠኒ ንዝ ናብ ሰመይ ክሲንገረለይ ስለ ዝበሉ፡ ብኣኽል ወይ ብሕጋዊ ወኪል እንተሎ፡ ብኣኽል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባሩዋ

ወ/ሮ ሉተሚኤል ልብነ ቃል ፍሰጸጾን፡ ብዮል ቤተይ በሪነ ተሰፋይ ኣወዳሉም ስለዘየረፉ፡ ንዓይ ናይ መጀምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ መረስቲ ምኻናም ደረጋገሉም ስለ ዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ማሕመድ ሓምድ ሰፋ፡ ምባል ተሪፉ፡ ማሕሙድ ሓምድ ሰፊፍ ተዛሊ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፡ 9/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 2 ምም/09 ጎደና ፊተውራሪ ኣሰሞ ገሹ ቁ/ዝ 25 ብዙ/ምኽር መርቆት 106995 መወከሲ ቁጽሪ 108305 እዝር 133152 ብሰም ሱሌማን ማሕሙድን ወ/ሮ ሮብለ ማሕሙድን ዝተመዝገበ ስለ ዝኾኽነ'ሞ ናብ ሰመይ ከሲንገር ስለ ዝደለኸ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ወኻከ. ሰኣነ መልቲ፡ ካብ ዝመልኸቶ ቤ/ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ደግይ ተዛሊሉ እንተኾደሩ ውሳነ ሐዚ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊኽን ኖታሪ ቤጽ ካድነስተራልን ይቕረቡ፡ እንዘለየቀረበ፡ ብዘሰኒ ሰዐት ናብ ሰመይ ከሲንገር ምኻኒይ ይሕብር፡

ኣስመረት መቛሳ
ብወከላ ብርሃነ መቛሳ

ብሰም ቴድሮስ ተሰፋይ ነጋሲ ዝተመዝገቡ ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ምም/ሰብ/ዚፕ ኮድ ኣቦኻውል 1A132 ጎደና ቁ.ዝ 70 ቁጽሪ ፓርሰል ASP 00033666 ቁ.ፕሎት 94 ቁ.ፓርሰል 36Z ዝርከቡ ሰፍሓት መሬት 162.83 ት/ሜ ቀንዲ ክፍልታት 4፡ ሓገዘቲ ክፍልታት 1 ተሰሪሑዎ ዝርከቡ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ብኑብረት ቁጽሪ መዛዝብ 3653/2013 ብዕለት 23/12/2013 ተመዝጊቡ ዋሕቱ ዝተረጋጸ ንብ ስለ ዝዓደግዎ'ሞ ናብ ሰመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኸ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወኻከ. ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኽዝዞ መሳረት ካብ ዝመልኸቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትጽዝዘ ወይ ናይ መወዳኣታ ውሳነ (ይግባይ ተዛሊሉ እንተኾይኑ) ሐዚ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረቡ፡ ዝቃወም እንዘለየቀረበ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕረብ ጉዳይ ክፍጸም ምኻኑይ እሕብር፡

ወ/ሮ ሰምሰም ንብረማርኤል ባሁ

ምልክታ ጨረታ

ከሳጅ ሕዝምናን ሰፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ኣብ ወኻከ. ከሳጅ ዝርከብ እንዳ ሻሂ ዝክልተ ዓመት ዝጸንሐ ንተመሊሮን ሰራሕተኛታትን ኣገልግሎት ዝወሰል ኣጫራቲ ከኮርዮ ስለ ዝደለዩ፣ ምስ'ዚ ቀረቡ ዘሎ ጨረታ ንባዲ ፍቓድ ዘለዎም ተጫረትቲ ይዕድምኡ፡ ተጫረትቲ ኮምልእዎ ዘለዎም፦

1. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንባድኡ ቅዳሕ መንእሰን ነፀኡ'ውን ዓመታዊ ግብሪ ናይ 2024 ዝኸፈሉ ሰነድ የቕርበ፡፡
2. ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘየምለስ ጥረ ገዝዘበ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
3. ተጫረትቲ ተወሃኺ ሓባሬታ ምስ ዝያልዩ ካብ ከሳጅ ሕዝምናን ሰፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ክፍሊ ዕድጊ 163467/163834 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓባሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
4. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቲ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ይኽፈት፡፡ (ጨረታ ዝኽፈተሉ ግዜ ናይ ስራሕ መዓልታት ምስ ዘይኸውን ንድሕሪ መዓልቲ 10 መዓልታት ዘላ ናይ ስራሕ መዓልቲ ይኽፈት) ደንገዩ ዝቑረበ ጨረታ ይሽሞ፡፡ ጨረታ፡ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወኪልነት ክህቡ ዝደሊ ሰብኡ ሰብርዮት ወይ ኣኽፍታ ጨረታ ክህቡ ዝመጹኡ ሰዓትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ conference Room ቁ.109 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ብዋልጹ ይኽፈት፡፡
5. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ 25,000 (ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ) CPO የትሕዝቱ፡፡
6. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንእሰን ብዘሕዝዞ መሳረት ይቐደድ፡፡
7. ከሳጅ ሕዝምናን ሰፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ብምኒ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምሕረዝ መሳሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ከሳጅ ሕዝምናን ሰፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡
ቁ/ቴ 163834



ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ብዮልቲ ቤተይ ወ/ሮ ጸገ ፍሰዞ ዝተሰመዓና መረር ሓዘን እናገለጽና፡ ሪሳ ኣብ ምልኣኽን ምቑባልን ዝተሓባበርክምና ነፀሙኡ'ውን ኣብ ዓዲ-ቦጊያ ዘቃብርክምና፡ ገዛና ብምምልሳነን ካብ ወኻየቦን ወጻኢን ብቴሌፎንን ዘጽናንዓኽክምናን ሕሳም ኣይትርኽቡ እናበልና ኮማሳየቦ፡፡

ብዮል ቤታ ሰለሞን ገብረሚኤል
ምስ ምሉኣት ሰድራቤት

ብሰም ሃብተማርያም ገብረማኽል ዘርኡ፡ ኣብ ዓዲ/ከበ. ዳ/ጻወጺስ ብመወከሲ ቁጽሪ 000221 ቁጽሪ ምኽር መርቆት 000265 ፕሎት 35 ፓርሰል C ንመንዝሪ መሳለ ዝተዓደልኩም ምኽር መርቆት ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ዝርኸበ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝዕልል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07207842 ክሕብረኒ፡፡ እንዘለየኻይኑ ግን መተኣትኡ ንዘምልኽቶ ኣኽል ኩሉት ምኻኑይ እሕብር፡

ሃብተማርያም ገብረማኽል ዘርኡ

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንጎፈ ምም/ሰብ. መጠራ ፕሎት 33 L ሰፍሓት መሬት 250 ት/ሜ 4 ቀንዲ ክፍሊ. 3 ቀንዲ ክፍሊ. 3 ተሓጋዝ. ክፍሊ. ዝተደገኖ፡ ብሰም ወ/ሮ ኣብ መሓሪ ሓሸ ዝተመዝገበ ብዚያብ ዝርኸበኩም፡ ናብ ሰመይ ከሲንገሮ ስለ ዝቮኽ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ወኻከ. ሓደ ወርሒ. ካብ ዝመልኸቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ደግይ ተዛሊሉ እንተኾደሩ ውሳነ ሐዚ ናብ ክፍሊ. ቴክኒክ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንጎፈ. ይቕረቡ፡ እንዘለየኻይኑ፡ ብዘሰኒ ሰዐት ጉዳይ ክውድእ ምኻኑይ እሕብር፡

ረዚ ጥዑም ክርስቶስ

ወ/ሮ ሰምሰም ዓንደም ኣብርሃም፡ ዝተፈቕደለን ናይ መኻከ. መጋጸጺ. ኣቕሑን መጻውቲ ቀልዑን ንባዳዊ ትሳሰን፡ ናቲ ከሳመቲከስ" (NATI COSMETICS) ተዛሊሉ ክሰየመለን ስለ ዝኣተታ፡ እዚ ናይ ንባዲ ሰም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣኽል እንተሎ፡ ኣብ ወኻከ. ሓደ ወርሒ. ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንዘለየኻይኑ፡ ዝቃወም ኣኽል ነፀማዚለ ተቐጺሩ እዚ ናይ ንባዲ ሰም ነፀምንምዘክር ኾልጥ፡፡

ክፍሊ. ወኻኻዊ ንባዲ

Notice

Notice is hereby given to the public that the members of Brhan Media Services P.L.C. have resolved the following

1- The Share of late Yemanebrhan Girmatzion has been transferred to his spouse Muse Kibreab Gebremariam and his 4 children. 1- Emnet Yemanebrhan 2- Girmay Yemanebrhan 3- Temesgen Yemanebrhan 4- Huruy Yemanebrhan

The new share members shall be as follows

	Member	Shares	Value of Share
1	Muse Kibreab Gebremariam	64	96,000 nakfa
2	Emnet Yemanbrhan Girmatzion	9	13,500 nakfa
3	Girmay Yemanbrhan Girmatzion	9	13,500 nakfa
4	Temesgen Yemanbrhan Girmatzion	9	13,500 nakfa
5	Huruy Yemanbrhan Girmatzion	9	13,500 nakfa

2- Muse Kibreab Gebremariam is the appointed manager of the company Brhan Media Services P.L.C. for unlimited time.

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሰምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.

Senior Hydrogeologist
Number required – (01)
Type of contract – definite two years

Major Duties and responsibilities

- The Senior Hydrogeologist is needed to manage the technical aspect of surface water and groundwater challenges in and around all ASMC projects. Preventing Pit flooding (dewatering), ensuring water supply, assessing environmental impacts (contaminants, tailings), using numerical modeling to predict groundwater flow, water balance, mitigate risks, and ensure regulatory compliance.
- The Senior Hydrogeologist will develop and collect hydrological and hydrogeological data, including monitoring groundwater levels, mapping open pit seepage, measuring surface & Ground water water flows, performing groundwater hydraulic testing and numerical groundwater modeling which is highly needed for effective mining operations in AMSC.
- Plan and coordinate the construction of robust hydrological and hydrogeological models to assist in defining the Long-Term Strategic Mine Plan for the AMSC to achieve the highest NPV and financial returns.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

SHEC

- Identify and mitigate hazards related to Hydrogeological Drilling and measuring activities.
- Enforce safety guidelines, company policies, health, safety, and environmental (HSE) regulations.
- Develop a risk management approach to team activities and ensure that high risk controls are in place.
- Support the creation of a workplace where staff are committed to working safely.
- Ensure that all SHEC actions are completed on time and to the required standard.
- Conduct daily toolbox talks and safety meetings.

Surface & Ground water Management

- Develop and implement strategies for dewatering, aquifer management and water balance to support mine operations and expansion.
- Establish, monitor and manage the performance of all dewatering equipment, including bore pumps and pipeline systems.
- Design and manage water Drilling programs, and all aspects of mine dewatering (UG & Surface Mine) with focus on dewatering, groundwater flow, and environmental impacts by leading studies.
- Designing monitoring systems, developing water balance models, and ensuring compliance, requiring strong technical, project management, and communication skills to guide operations, planning, and regulatory needs.
- Provide input relating to ground/surface water control management into short, medium and long-term planning.
- Design and manage the pit dewatering borehole drilling and installation programs
- Supervise hydrogeology projects including piezometer installations,
- Design and implement dewatering strategy of pit workings ahead of mining to ensure dry and safe mining conditions. This includes depressurization for slopes stability.
- Liaise with Senior dewatering supervisors, operators and pump mechanics in the execution of tasks.

Reporting

- Prepare reports for management and provide input on daily operational issues.
- Maintain detailed records of dewatering operations, Hydrological studies and system performance.
- Ensure that all mine dewatering reporting (weekly, monthly, quarterly) is completed on time and to a high standard.
- Diagnosing complex issues and developing practical solutions for water management.

Quality

- Implement short, medium-sized, and long-term dewatering plans and strategies to enhance performance.
- Assess groundwater seepage, environmental impacts, and support permitting and closure planning.

Data Collection

- Responsible for transformation and maintenance of existing data or acquisition of new data as required.
- Ensure that data collection methods are sound and supported by systems, quality control and training.

Data Analysis

- Identify and analyze operational improvements and financial impacts of Mine Dewatering.
- Interpreting aquifer tests, field data, and using GIS tools for visualization.
- Provide technical advice to mining and all stake holders depending on dewatering and water balance to function properly.
- Identify opportunities for both short and long-term interval controls, based on the mine dewatering plan, and make any necessary adjustments and changes to meet daily target projections
- Provide technical input to strategic and feasibility studies.

Documentation

- Ensure documentation and adherence of all SOP's
- Tailor documentation of all dewatering requirements (OP/UG) to ensure that all end users are informed of outcome.
- Report dewatering project findings conclusions and recommendations to end users.
- Ensure that all dewatering technical study project documentation is added to the technical library.
- Develop and maintain the ground water management plan. (GWMP)

Human Resource Management

- Manage the work performance of employees by reporting directly into this position.
- Ensure that all team members are appropriately trained and assessed so that they can safely perform.
- Manage people's expectations so that they are in-line with the companies' goals.
- Provide mentoring and coaching to the Eritrean workforce in resource estimation related topics.

Administration

- Lead and manage a dewatering team, set performance targets, and ensure tasks are completed safely and efficiently.
- Assist in the management of duty rosters in line company duty calendar

Profile: Qualifications and Experience

CONTINUED ON PAGE 8

ሓዳስ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሰምራዊት ሞለስ

CONTINUED FROM PAGE 7

Formal Education, Certifications or Equivalents	• Bachelor of Science Degree in Geoscience/ Hydrogeology/ Environmental e • MSC Degree in Hydrogeology/environmental Engineering is an added advantage.
Working Experience – Nature & Length	• Minimum of 8 years for BSc holders with demonstrated capability to manage projects and lead teams. of which at least 3 years' experience should be in a supervisory capacity. • Underground mining experience is highly desirable. • Design and oversee field programs (drilling, monitoring wells, aquifer tests) and conceptual/numerical modeling. • Provide hydrological input for design of pit dewatering infrastructure including expected inflows of groundwater and rainfall runoff. • Experience in managing, designing, and executing complex hydrogeological field investigations, such as drilling, logging, and aquifer testing. • Provide expert advice, review designs, manage projects, mentor junior staff, and ensure quality/safety.
Technical Skills	• MS Office (Excel, Access, Word & PowerPoint). • Strong technical skills in groundwater modeling, data analysis field hydrogeology, combined with project management and environmental impact assessments on dewatering projects • Software Proficiency: Familiarity with software for modeling and data analysis, such as ArcGIS, MODFLOW, or Leapfrog. • Aquifer testing, data interpretation, conceptual model development. • Analyzing and interpreting geological, hydrological, and hydrogeological data to support mine water management planning • Must have working knowledge in structural Geology and mapping. • Must be able to manage hydrogeological drilling programmers and depressurization strategies. • Ability to visualize geology and conceptualize groundwater flow in three dimensions • Knowledge of construction operations and specialized dewatering techniques. • Must be a self-starter with the ability to work with others in a team environment
Other Skills and Abilities	• Good written and verbal English communication skills. • Analytical skills. • Interpersonal relation skills. • Attention to detail. • Management skill. • Ability to train and mentor team members. • Commitment to maintaining safety standards. • Understands the cultural sensibilities of Eritreans.

General Information and other requirements:

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** definite two years
- **Salary:** As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- **Note to Eritrean applicants:**
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ዓወት ንብረያወሃስ ኣሰፍኑ ወደይ ሂርሞን ሳሚኤል ማሓሪ ስለዘህሰውኡ ስድራ ቤቱ ወ/ሮ ዓወት ንብረያወሃስ ኣሰፍሃን ኣዮ ሳሚኤል ማሓሪ ንብረታርኣየን ወረስቲ ምኽንና ደረጃጽልና ስለ ዝሰኡ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን7/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፣

ኮሳኒት ወ/ሮ ወይኒ ዓንደብርሃኑ ተኾሰኒ ኣዮ ጸገዱአብ ወልደገክኡል፣ ናይ ሓዊር ክሲ ቀረብልካ ስለ ዘሎ፣ ብኣኽል ወይ ብኽኢጋዊ ወከል ን7/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፣

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

የሴፍ ጠዓመ ዘመዱ፣ ኣደይ ኣኽበረት ሃደሉ ደሴታ ስለዘየረፈት፣ ኣብ ዝኽሮኽስ ንብረታ ኣነ ወረሲ ምኽኒይ ደረጃጽለይ ስለ ዝሰኡ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን7/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፣

ወ/ሮ ንግስቲ ተኽሉሚካኤል ኣደይ ዓዚዝ ንብረመድህን ሓጎሱ ብዘለት 12/07/2022 ስለዘየረፈት፣ ኣብ ዓድና ድብድብ ምም/ስብ ምራራ ዝርኽብ ክልተ ክፍሊ ዝ ምስ ባዕትኡ ወረሲት ኣነ ጥራይ ምኽኒይ ደረጃጽለይ ስለ ዝሰኣ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን4/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፣

መሉእብርሃን ሃደለ ኣብርሃም ምላል ተሪፉ፣ መሉእ ሃደለ ኣብርሃ ተዛዚሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝሰኡ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን7/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፣

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ሃሮን ሓምደመሐመደ ሓሰበ ምላል ተሪፉ፣ ሃሮን ሓምዶ መሐመደ ሓሰበ ተዛዚሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝሰኣ፣ 15/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፣

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሚላበርዕድ

ኔፃት ሰዒድ ሶዒድ ምላል ተሪፉ፣ ኔፃት መሐመድ ሓምድ ሰዒድ ተዛዚሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝሰኣ፣ 21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፣

ወ/ሮ ኣሻ መሐመድ ዓሊ ምላል ተሪፉ፣ ዓሻ መሐመድ ኣደም ሱሌማን ተዛዚሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝሰኣ፣ 21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፣

ዖሻ መሐመድ ኣደም ሱሌማን ምላል ተሪፉ፣ ዓሻ መሐመድ ኣደም ሱሌማን ተዛዚሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝሰኣ፣ 21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፣

ቦኽረጼን በርህ ኣሰፍሃን ግደይ ርእሶም ወልደስላሴ፣ መድና ሄቦስ ቦኽረጼን በርህ ስለዘየረፈ፣ ኣብ ዝኽሮኽስ ይኹን ዘይንኮኽስ ንብረቱ ናይ ኢሽራንስ ገዝዘበ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምኽንና ደረጃጽልና ስለ ዝሰኡ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፣

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

መሐመድ ኢብራሂም ዑመር ምላል ተሪፉ፣ መሐመድኢብራሂም ዑመር ተዛዚሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝሰኣ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ን27/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋኺያ ይቕረቡ፣

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

መብረኽ መሐመድ ሓሰን ምላል ተሪፉ፣ ሃደለም መሐመድ ሃሰኑ ሰም ወላዲቱይ ሓዋ ባዙር ናፍኦ ምላል ተሪፉ፣ ጀምዕያ ባዙር ናፍኦ ተዛዚሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝሰኣ፣ 14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፣

ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

19 ክፋል

ዋሕዚ ዓወት

*“ተወፋይነት ማሰረት ዓበይቲ ዓወታት እዩ።” - **ሀይዲ ሪድር***

*“ኣብ ጸልዋኻ እተዖም ክልተ ደረጃካ - ስእለ ኣእምሮኻን ተወፋይነትካን ጥራይ እየም።” - **ቶኒ ሮቢንስ***

ኣብ ዓለምና ኣብ ኩሉ ዓውዲታት ቀጻሊ ሓደስቲ ዕወታት ሰባት ይቀላቐሉ ኣለዉ። ኣብ ምህዞ፣ ፍታሕ ኣብ ምእላሽ፣ ሓደስቲ ፍርያት ከምኡ እውን ኣብ ጽሬት ኣድሂቦም ብምስራሖ፣ ንህይወቶምን ህይወት ህዝቢ ዓለምን ብእወታ ኣብ ምልዋጥ ደርኪቦ።

ገለ ሰብ ነቲ ናትካ ስ'ባለ (obsession) ኣብ ክንዲ ምድናቕ፣ ናብ ምፍራድካ እዩ ዝቕጽሉ። ንፍርዲ ወይ ርእይቶ ሰባት ዘይምጉዳስ ጸቡቕ ኣይኮነን። ግዜ እንተ'ልዩካ ነቲ ዝቐርበልካ ርእይቶ ምምማዩ ኣይጸላእን እዩ። ነቲ እወታዊ መዳዩ ተቐቢልካ፣ ነቲ ኣሉታዊ ሸነኹ ዕሽሽ ኢልካዮ እንተ ሓሊፍካ፣ ትኸስብ እምበር ኣይትኸስርን ኢኻ።

መብዛሕትኡ ዝመጽኣካ ርእይቶ ካብ ስ'ባለኻን ተወፋይነትካን ዘጉናድቦ እንተ ደኣ ኾይኑ ኩሉ ክትደሃለሉ ኣይግባእን። ንህይወትካ ካባኻ ንላዕሊ ዝሓልየላን ዝፈልጣን ከም ዘየለ ቀጻሊ ንገዛእ ርእስኻ ኣዘኻኽራ።

ሓንቲ ስድራ በቶም ንዓወት ስ'ባለ ዘለዎም ወለዲ ትእለ እንተ ኾይና፣ ንኣ እተዕብዮም ቆልዑ ቀልጢፎም ኣብ መንገዲ ዓወት ኣይልዳሉም እየም ዝርዋጹ። ኣብ ሓደ ትካል ኣኪያዲ ስራሕ ዓወት እተሰበሎ እንተ ኾይኑ፣ ንኣባላቱ ጸቡቕ ገይሩ ከበራብርም ይኽእል እዩ። ንሕልሚ ኣባላቱ ዘበራብርን ዘተባብዕን ሓሊፉ ዘደንቕ ወጽኢት ካብ ምምዝጋብ ከቶ ዝዓግቶ ምድሪዊ ሓይሊ የለን።

ዓወት ንሒደት ሰባት ጥራይ እተሓዝአ ነገር ኣይኮነን። ንኹላትና ብማዕረ እዩ ዝምልከተና። ብማዕረ ስለ ዘይንሰርሓሉ ግዱ ንሒደት ሰባት ጥራይ ዝምልከት ይመስል ኣሎ።

ንዘተጉናጸፍናዮ ዓወት ምእንቲ ከይቅህም ቀጻሊ ክንዝብድብዶ ይግባእ። ካብ ንዓወትካ ዝድልሉ ስጉሚታታት ምሕያብ ኣገዳሲ እዩ። ንህሮካ ኣብ ምድራት ተራ ካብ ዘለዎም ኣተሓሳሰብታት ክትርሕቕ ኣሎካ። ብመንጽሩ፣ ንውዕወዕ ስምዒትካ ቀጻሊ ክብ ከተብሎ ይግባእ።

ንስ'ባለ ገዛእ ርእስኻን ኣብ ከባቢኻ ዘርከቡ ሰባትን ጸቡቕ ገይርካ ኣጸንዖ። ኣብ ስ'ባለ ክትሸመም ከቶ ከም ጌጋ ክትወስዶ የብልካን። ንስ'ባለ ከም ሸቶኻ ውሰዶ። ንሸቶኻ ድማ ብተግባር ኣሰንዮ።

ሸቶኻ ንእሽቶ እንተ ኾይኑ፣ እኹል ጸዓት ንኸተዋህልል ኣይደርኸኻን እዩ። ሓያልን ስሉጥን ስጉምቲ ንኸትወስድ እውን ኣይትደፋፋእን ኢኻ። እቲ ምንታይሲ፣ ነታ ንእሽቶ ሸቶኻ ብሒደት ጻዕርን ወፍርን ክትበጽሓ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ስራሕካ ዘይተጸበኻዮ ሓያል ተቓውሞ፣ ውድድር ወይ ምልውዋጥ ኩነታት ኪጋጥመካ ይኽእል ይኸውን። በዚ ክትሰናበድ የብልካን። እዚ ተመሊሱ እዩ ከሐይለካ ዘለዎ። ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ስ'ባለ፣ ንፍሲ ወከፍ ዕማም ብደሆን ማሳናኸልትን ክየጥም ድሉው ግበሮ።

ምሉእ ብምሉእ ወፋይ (all in) ንምኻን እጅግኻ ሰብሲብካ ተለዓል። ንፍሲ ወከፍ ዚጋጥመካ ዕድል ከኣ ጸንቂቕካ ተጠቐመሉ። ንጻዕርኻ፣ ፈጠራውነትካ፣ ጸዓትካ፣ ሓሳባትካን ዘይምሕላልካን ከቶ ክትንእዮም ኣይግባእን።

ንተወፋይነትካ ከቶ ከተዝሕሎ የብልካን። እቲ ምንታይሲ፣ ዋላ ኣሸበሸብ እንተ ፈሸልካ፣ ተመሊስካ ናብ መንገዲ ዓወት ክትረግጽ ኣይትጽገምን ኢኻ። እቲ ሓይሊ ኣብ ውሽጥኻ ስለ ዘሎ፣ ክሳብ ዝከኣለካ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።

ገለ ሰባት ንኣዝዮም ወፋያት ሰባት ኣብ ክንዲ ዘተባብዕዎም፣ ንድሕሪት ክጉትትዎም ኢኻ እትርእዮም። ወፋያት ሰባት ኩንደኸፈናዊ ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ ዓይኖም ኣይሓስዩን እዮም። መብዛሕትኡ ሰብ ግዱ ውሑሰት ዘለዎ ስራሕ ክሰርሕ እዩ ዝደሊ። በዚ እዩ እምበኣር፣ ወፋያት ሰባት ብናይ ቀረባ ሰቦም ብዙሕ ምትብባዕ ዘይግበረሎም።

ሓቂ እዩ፣ ኩንደኸፈናዊ ስጉምቲ ክትወስድ እንከለኻ፣ ዘይተጸበኻዮ ክሳራ ኪጋጥመካ ይኽእል እዩ። ናይ ብሓቂ ዕወት ክትበጽሕ እንተ ኾንካ ግዱ ንኽሳራኻ ኣሕዊኻ ናብ መኽሰብ ገጽካ ክትውንጨፍ ይግባእ።

ኣብ ዓለምና ዝተመዝገበ ዓወት ብልሙድ መንገዲ ዝተሓልፈ ኣይኮነን። ድሕሪ ብዙሕ ሓርገጽገጽ ኢኻ ንምስመር ዓወት ክትረግጽ እትኽእል። ታሪኽ ተጠመትቲ ሰባት ከንብብ እንተለና፣ እዚ ሓቂ እዩ ዘረጋግጸልና።

ከም እዚ ዓይነት ኣእምሮኣዊ ዝንባለ ከተጥሪ እንከለኻ፣ ንስኻ እውን ነቲ ኣቐዲሙ ዝተመዘገበ ዓወት ክትደግሞ ወይ ኣርኪብካ ክትሓልፎ ከም እትኽእል ልዑል እምንቶ ኢኻ እተጥሪ። ዓወት ናይ ውሑዳት ኣይኮነትን። ዓወት ንኹላትና ብማዕረ እትበጽሓና ምኻና ቀጻሊ ምዝኽኻር ኣገዳሲ እዩ።

ንጸዓትካ፣ ፈጠራውነትካን ጻዕርኻን ደረታትን ዘይትኽኡን ገይርካ ኣይትቈጽሮም። ኣብ ህይወት ገለ ነገራት ደረት ከም ዘለዎም ርዱእ እዩ። ንኹሉ ነገር ደረት ከም ዘለዎ ገይርካ ምቍጻር ግዱ ግጉይ ኣተሓሳስባ ጥራይ ዘይኮነ የልምሰካ እውን እዩ።

ንስኻ ኣብ ስጉምቲ ምውሳድ ስሉጥ ክትከውን ይግባእ። እቶም ንስኻ እትወስዶም ስጉምቲታት ናብ ዓወት ወይ ፍሽለት ከምርሑኻ ከም ዝኽእሉ ኣቐዲምካ ኣብ ርእስኻ ሓዞ። ከም ወጽኢቱ ዓወት ኪጋጥመካ እንከሎ ብቐሊሉ ኣይትሰክርን ኢኻ። ፍሽለት ኪጋጥመካ እንከሎ ድማ ብእኡ ንብኡ ኣይትርከመሽን ኢኻ። ከመይሲ፣ ብድሕሪ ፍሽለት ዓወት ከም ዝመጽእ ኣይጠፍኣካን እዩ።

ገዛእ ርእስኻ ዲስፕሊን ኣብ ምትሓዝ ካባኻ ንላዕሊ ዝምልከቶ ካልእ ሰብ ወይ ኣካል ክህሉ ኣይግባእን። ዲስፕሊን ዘለዎ ሰብ ኣብ ስራሑ ወይ ትምህርቱ ብልዑል ተወፋይነት ኣብ ምንጣፍ ኣይጽገምን እዩ። እቲ ምንታይሲ፣ ዲስፕሊን ገዛእ ርእስኻ ኣብ ምፍላጥን ምምእዛዝን ኣዝዩ ሓጋዚ ስለ ዝኾነ።



ተወፋይነት ምስጢር ዓወት

ኩላትና ካብ ግዜ ህጻንነትና ኣትሒዝና ብዙሕ ጸወታዊ ጉብየን ማንቲለን ሰሚዕና ንኸውን ኢና። ካብ እቲ ጸወታዊ እንምሃሮ ቀምሲር እንተ'ልዩ፣ እቲ ጉብየ ክዕወት ዝኸኣለሉ ምኽንያት ጊሩፍ እናበለ ንግዚኡ ብተወፋይነት ስለ ዝተጠቐመሉ እዩ። ወያ ማንቲለ ግዱ ልባ ክሳብ ክትትከሰ እትደሊ ብጉያ ተሓንቢባ፣ ከም ሳዕቤኑ፣ ብድኻም ተሰኪፋ ክትድቅስ ተቐሲባ። በዚ ድማ ነቲ ሰሬሕ ናይ ምዕዋት ዕድላ ንኸንቱ ኣጥፊኣቶ።

እዛ ጸወታዊ ዘፈልጥ ሰብ፣ ንኣካይዳ ጉብየ እምበር ንኣጁያ ማንቲለ ኣይኮነን ዘድንቕ። ብትዕግስትን ብተወፋይነትን ናብ ሸቶና ክንበጽሕ ንኽእል ኢና። ካልእ ዝበለጸ ኣማራጺ ከም ዘለና እውን ከቶ ክንዘንግዖ ኣይግባእን። ንሱ ድማ ናይ ጉብየ ጽንዓትን ናይ ማንቲለ ቅልጣፈን እንተ ደኣ ኣጣሪናዮ፣ ዝለዓለ ዓወት ከተመዝግብ ከም እትኽእል ኣይትጠራጠር።

ክንደይ ግዜ ወዲቕካ፣ ክንደይ ግዜ ክትትንስእ ከም ዘለካ ደረት የብሉን። ክሳብ ዘየቋረጽካ፣ ፍሽለት ከም ዘየለ ክትርድኦ ጸቡቕ እዩ። ንኹሉ ጸዓትካ ይኹን ፈጠራውነትካ ብዝዮጉእ ስለ ዝተጠቐምካሉ፣ ንሓዋሩ ነጺፉ ኣይተርፍን እዩ። ብዙሕ ስለ ዝሓሰብካ እውን ሓሳባት ይውድኣካ ማለት ኣይኮነን።

ሓደስቲ ሓሳባት ኣብ ምፍልፋል፣ ዝያዳ ጸዓት ኣብ ምውህሃል፣ ፈጠራዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ምዕባይ … ሸውሃትካ ከቶ ክሽኢ ኣይግባእን። ንሓደ ኩነታት ወይ ፍጻመ ፍልይ ብዝበለ ኩርናዕ ምጥማት ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ውልቃዊ ህይወትካን ስራሕትካን ንምዕዋት ምስ ዕዉታት ሰባት ምልላይ፣ ሓደሽ ሚላ ምጥቃም ወይ ዘይምሕላል እውን ኣርባሒ እዩ።

ኣብ ህይወትካ ወትሩ ካልእ መዓልትን ካልእ ዕድልን ከም ዘለዋ ዘክር። ሎሚ ከሲርካ ወይ ኣይተዓወትካን ማለት ጽባሕ ተመሳሳሊ ዕጫ ከም ዘበጽሓካ ገይርካ ንገዛእ ርእስኻ ኣይተናኽዮ። 'ጽባሕ ካልእ መዓልቲ' እያ ዝብል ጽኑዕ እምንቶ ክህልወካ ይግባእ። እወ ንፍሲ ወከፍ መዓልቲ ብሓድሽ መንፈስ ትቕበላ እንተ ኾንካ፣ ቀጻልነት ዓወትካ ካብ ምርግጋጽ ዝዓግተካ ምድራዊ ሓይሊ ኣይህሉን እዩ። እቲ ምንታይሲ፣ መዓልታዊ ኢኻ ሓድሽ ቀረብ ጸዓት፣ ፈጠራውነትን ዘይምሕላልን እትረኽብ።

ንዘኸፉ ሕብረተሰብ ዓለም እንተ ኣጸኒዕካ ወይ መርሚርካ፣ ሕብረተሰብ ንኣባላቱ ቅድም ቀዳድም ብዙሓ ውሕስነት ከም ዝምህርን ዝምዕድን ኢኻ እትግንዘብ። ከም ሳዕቤኑ ዝበዝሐ ሰብ ንዕድሉ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ምጥቃም ትብዓት ይውሕዶ። ቅድሚ ዕድሉ ገደል ዝርእዮ ሰብ ውሑድ ኣይኮነን። ብስግኣትን ሸቐረራን ክትንቀሳቐስ እንከለኻ እናሓንሶኻ ባዕልኻ ኢኻ ሓደጋ እትዕድም።

ዕዉታት ሰብ ትካላት ዓማዊሎም ንዘይምኽሳር ብተወፋይነት እዮም ዝሰርሑ። ነታ 'ዓሚል ንጉስ እዩ' እትብል ጭርሖ ብዝዮጉእ የጉልሕዋ። 'ክቡር የኽብረካ መጠን ነብሱ' እትብል ብልጽቲ ምስላ ኣላትና። ንዓማዊልካ ከተኽብር እንከለኻ፣ ብቐጥታ ክሳብ ክንደይ ክቡር ምዃንካ ኢኻ እትገልጽ ዘለኻ። ከም ወጽኢቱ ሓደስቲ ዓማዊል ኣብ ሓጺር ግዜ እንተ ዓለሉኻ ከቶ ዘገርም ክኸውን ኣይክእልን እዩ።



ዘይድኑት ጸጋታት ከም ዘለዉኻ ትፈልጥ እንተ ኾንካ፣ ንዓቕምኻ ይኹን ትካልካ ቀጻሊ ከተስፍሖም ትኽእል ኢኻ። እዚ ሓቂ እዚ፣ ብዙሓት ሰባት ቅድሚኻ ኣተግቢሮምዎ እዮም። ንስኻ እውን ብተወፋይነት እንተ ሰሪሕካ ነቲ ቕያ ኣብ ምድጋም ኣይጽገመካን እዩ።

ብዙሓት ትካላት ዝገብርኦን ዘይገብርኦን ንዓማዊለን ቃል ዝኣትዋ ኣለዋ። ኣብ ህይወትካ ነቲ ክትገብሮ ዘይትኽእል ቃል ኣይትእተወሉ። ንዓሚልካ ድሕሪ ሓደ ሰሙን ንብረቱ ከተረክቦ ዓቕሚ እንተ'ልዩካ፣ ድሕሪ ሳልስቲ ኣብ ኢዱ ከም እተረክቦ ቃል ዘእቱ ምኽንያት የብልካን።

ንሓደ ካብ ዓማዊልካ ዝኣተኻሉ ቃል እንተ ዓጺፍካ፣ ከቢድ ክሳራ ከስዕበልካ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ከተእትዎ ጸቡቕ እዩ። እቲ ምንታይሲ፣ ወረ ከም ንፋስ ተላባዒ ምዃኑ ከቶ ክጠፍኣና የብሉን።

ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ይኹን ማሕበራዊ መራኸቢታት እትገብሮ መወዓውዒ እውን ሚዛኑ ዝሓለወ እንተኾነ ተመራጺ እዩ። “ኣብ ዘይገበራ ይጎብራ!” ክብሉኻ የብሎምን ዓማዊልካ።

ሓደ ካብ ረቡዓ ተወፋይነት እምበኣር፣ ቃልካ ኣብ ምኽባር ስለ ዝሕግዘካ እዩ። ኣብርሃም ሊንከን፣ “ተወፋይነት እቲ ንመብጽዓ ናብ ክውንነት ዝልውጥ እዩ።” ዝበሎ ቀሊል ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን።

ቃል ምእታው ብዘይ ዲስፕሊን ቃልካ ምኽባር ትርጉም ኣልቦ ጥራይ ዘይኮነ ሓደገኛ እውን እዩ። እቲ ንስኻ ብተወፋይነት እትሰርሖ እዩ ንህይወትካ ቅርጺ ዘትሕዞ። ክንዲ ዝኾነ ኣብ ስራሕካ ከቶ ክትሕልል ኣይግባእን። በዚ እዩ እቲ ናይ ብሓቂ እወታዊ ለውጢ ክምዝገብ ዝኽእል።

ንዓማዊልካ ንምሕጓስ ዝያዳ ተወፊኻ ብዝሰራሕካዮ መጠን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ኢኻ እትሓኸር። ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክትሓኸር እንከለኻ፣ ብሓንሳእ ንገዛእ ርእስኻን ንዓማዊልካን ቃል ዝኣተኻሎም ኢኻ እተሰምር።

ኣብ ስራሕኻ፣ ዓማዊልካ ወይ ስድራ ቤትካ - ዝያዳ ጸዓት ብዘወፈኻዮ መጠን ዝያዳ ቃልካ እናሰመርካ ኢኻ ንቕድሚት እትምርሽ። እቲ ንጸዓቱ፣ ጸጋታቱ፣ ፈጠራውነቱን ዘይምሕላሉን ብኾሉማ ዘይርኢ ሰብ፣ ካልእ ሰብ እውን ንዕኡ ብኾሉማ ኣይጥምቶን እዩ።

*“ብዙሓት ሰባት ዝፈሸሉ፣ ዋሕዲ ግህሪ ስለ ዘለዎም ዘይኮነ፣ ዋሕዲ ተወፋይነት ስለ ዘለዎም እዩ።” - **ቪንስ ሎምባርዲ***

*“ተወፋይነት እንተ ደኣ ዘይህልዩ - መብጽዓታትን ተስፋታትን ጥራይ ይህልዉ። ውጥን ግን ኣይህሉን እዩ።” - **ፒተር ድራከር***

ይቕጽል

ዳያ ዳያ ሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

29 ግንቦት 2011

09:40 ቅ.ቐ.

መዓስ'የ ጓለይ ከም ድላየይ ዘኸነለይ



ኣነስ መዓስ'የ ጓለይ ከም ድላየይ ዝኸነለይ፤ ዝጀመርኩዎ ህይወት ብሰንኪ'ዞም ገዛ ምኻን ኣብዩኒ። ሎሚ ምስ ፍቐረይ ቁጸራ ስለ ዝነበረኒ ኣንጊህ ተሲአ ስርሐይ ወዲኡ። ቁጸራና ሰዓት ኣርባዕተ ናይ ምሸት'የ ነይሩ። ኣብዚ ሰዓት እንተ ዘይወጺኡ፡ ምሸት ዓይኖም ኣይገብረሎምን እዩ። ክሳዕ እታ ዝወጽኣላ ሰዓት ድልውቲ እንተ ዘይጸነሐ፡ ክተሓጻጸብ ምስ ጀመርኩ'ያ ስራሕ ትፍጠረለይ። ሎሚ ንግሆ ብኣጋኡ ስርሐይ ወዳዲኡ፡ ነብሰይ ተሓጺቡ፡ ክዳውንተይ ቀይረ። ከምኡ ኢለ እንተ ዘይውዒለ ዳሕራይ ኣብ ምውጻኡይ ክቐያይር ኣይክእልን'የ። ናብ መሓዛይ ኢለ ከይወጽእ፡ ትኽየድ መሓዛ የብለይን። እተን ዝርካበን ማዕዶ ሰፊረን።

ሎሚ፡ ቀዳማይ ዓመት ፍቐርና እዩ። ቅድሚ ክልተ ቀን ኣትሒዙ "ኣብታ ሓንቲ ሰንበት ንውሕ ዝበለ ግዜ ብሓደ ከነሕልፍ ኢና። ኣቐዲምኪ መደብ ኣይትሓዚ፡ " ኢሉኒ እዩ። ኣነ ከኣ ከምዛ ዘይዘከርኩዎ፡ "ናይ ደሓን ደኣ ኣቐዲምካ ክንዲ'ዚ ትቋጸር፡ " ኢለዮ። ከም ቀደሙ ብወለላ ቋንቋኡ ገይሩ ይምልሰለይ። ኣነ ከኣ "ድገመለይ፡" እብሎ። ማማ ካብ ቤተ ክርስትያን ክትመጽእ እንከላ፡ ስራሕ ገዛ ተወዲኡ ጸኒሑዋ።

"ራህዋ ጓላይ፡ ምሳሕ ሰሪሕኪ ዲኺ፧" ኢላትኒ። ምሳሕ ኣይኩነን ንድራር'ውን ተሰሪሑ'ዩ። "እዋይ! ባዕለይ'የ ዘይግረኪ ዝነበርኩ፡" እናበለት ናብ ክሽነ ኣትያ። ናይ ምሸት ኣጋይሽ ክመጽኡና ምኻኖም፡ ንእኣም ዝኸውን ክንሰርሕ ከም ዘሎና ነጊራትኒ። እዞም ኣጋይሽ ንኣይ ዝሕዙ ከይኮኑ እናተሰከፍኩ መን ምኻኖም ሓቲተያ፣ ምንጋር ኣብያትኒ። ድሕሪ ምሳሕ ክዳነይ ክቐያይር፡ ጽብቕብቕ ክብል ኣዚዛትኒ። እዛ ትእዛዝ ቅድሚ ሕጂ ስለ ዝፈልጣ እዞም ኣጋይሽ ንኣይ ዝደለዩ ምኻኖም ፈሊጠ።

"ሕጂ ቀያይረ እንታይ ትርጉም ኣሎዎ። ስለ ዝፈለጡኒ መጺኦም ኣለው። ናተይ ምህላው ንምንታይ የድልዮም። ደሓር ከኣ ሰዓት ሰለስተ መደብ ኣሎኒ ክወጽእ እየ፡ " ኢለያ። ክትጥሕረኒ ደልያ።

ቀልጢፎም መጺኦም እንተ ከዱ ካብ ምጽላይ ሓሊፈ ዝገብሮ ኣይነበረንን። እቲ ተኸዲነዮ ክኸይድ ዝሓሰብኩ ክዳን ቀይረ፡ ኣብ ምጽባይ ኣትየ። ድሓን ኣይእተውን ደንጉዮም። ፍቐረይ ምድንጓየይ ከም ዘሻቐሎ እፈልጦ'የ። ካልኦት ብሑጓ ክወሰዱኒ ይኣትው ምህላዎም ኣይፈለጠን ዘሎ።

ድሮ ሰዓት ቁጸራና ኣኺሉ። እዋይ'ዚ ዕድለይ! ቅድሚ ሕጂ ብሰንኪ ስድራይ ካብ ብዙሕ ነገር ተሪፈ'የ። ሕጂ ከኣ ኣብታ እንታይ ሒዛትለይ ምህላዋ ዘይፈልጥኩዎ መዓልቲ፡ ብዙሕ ሃሪፈያ ቀንየ። ሕጂ "ተምርዓዊ!" - "ኣይምርየን!" ክንደይ እምባጋሮ ክህሉ'የ። ዝገርመኒ ዘሎ ናይዞም ኣወዳት'የ። ቅድም ንኣይ ረኺቦም ዘየዘራርቡኒ። በዚ ሎሚስ በሊ ኣየናይ ወዲ'የ ነታ ጓል ከይረኸበ ምስ ስድራ ክውድእ ዝፍትን ዘሎ፡ ኣብዚኣ ዘይተበዐ እንታይ ሰብኣይ ክኸነለይ ኢሉ'የ፣ ስጋኺ በሊ! ምኻን ዝሕልቲ ምኻነይ የሸብየም ኣሎ። ከምዛ ካብ ፍቓድ ስድራይ ፍጹም ዘይወጽእ፡ ስድራይ ከም ድላዮም ዝመልኩኒ፡ ካብ ምሳይ ምስ ስድራይ ምስምማዕ ዘዋጽኦም ኩይኑ ይስምዖም ኣሎ። እቲ ዝኸፈኣ ሕጂ ምድንጓዮም'የ።

ኤህ! ዓቕሉ ጸቢባቶ ኣላ። ተለፍን ከኣ ምስ ባባ'ያ ዘላ። ሞሊቐዶ ክኸይድ ኣንቲ ዳየረይ!፧ እዋይ ከምዚኦም ስድራ'ዚኦምሲ ይህሉዶ፧

እወ እንታይ ደኣ፡ ጻዕዳ ይጽናሕካ ምቁረይ። ኣነ ክፍለየካ ማለተይ ኣይኩነን። ግን ስድራይ ዘይቅበሉዎ ወዲ ክኸውን ወይ እምቢታይ ሰሚያም "ጓልና ኣብያ" ክብሉ፣ እንታይ ደኣ። ሻቐሎትካን ህርፋን ናይዛ መዓልትን እናዘከርኩ እነብዕ ኣለኹ። ናተይ ዕድል ከምኡ'የ። ኣብቲ ብምሉእ ልበይ ክሕጉሰሉ ኢለ ዝሓሰበሉ፡ ኮሉ ሳዕ ገለ መኻልፍ መጺኡ'የ ዝሕሰደኒ።

እውይ ኣንታ ፈጣሪ ካብዛ መዋጥር ኣውጽእኒ። ናይ ጽባሕ ባዕሉ ይፈልጥ፣ ሎሚ ግን በጃኻ ሓሳብ ልበይ ኣስምረለይ!

ራህዋ - Skr

ሳላ ኣብ ግዜኣ ዝተመለስኩ



ቀዳም - *03 ጥሪ 2026*

09:40 ድ.ቐ. ኣስመራ

ናይ ሓፍተይ መድሃኒት ክገዝእ ናብ ሆስፒል ኦሮታ ምስ ከድኩ እየ። ናይቲ ቁልዓ መርመራ'ውን ይካየድ ስለ ዝነበረ፡ ኣነን ኣቦኡን ውሽጢ ክንጸንሕ ከም ዘይንኽእል ተሓበርና። ነታ ዕድል ክጥቀመላ ኢለ፡ ኣቐዲሙ ተዓጽዩ ዝጸንሓኒ ፋርማሲ ተኸፊቱ እንተ'ሎ ኢለ ከባቢ ሰዓት 10 ተመሊሰ። ደንጉዮም ስለ ዝኸፈቱ ብዙሕ ሰብ ሪጋ ሒዙ ጸኒሑኒ።

ቅድመይ ዝነበረ ሰብኣይ ማስክ ገይሩ ኣብ ልዕለይ ጠጠው ኢሉ ነይሩ። ክልተ ኣንስቲ መጺኦን ሓንቲኣን፡ "መን'ዩ ዳሕረዋይ፧" ኢለን ምስ ሓተታ ተረዲኡዎ ብቕልጡፍ መሊሱለን፣ ግን ብኣፍ ዘይኩነ ኣመልካቲቶ ኢዱ ጠል ኣቢሉ ሓቢሩወን። 'ጽሙም ድዩ፧' ኢለ ሓሰቡ፡ ክሳብ ሪጋና ዝበጽሕ ብጀንቋ ምልክት ክዕልሎ ኢለ። ካብተን ክልተ ኣንስቲ ሓንቲኣን እውን ማስክ ገይራ ኣፋ ዕጽያ ትረዳድእ ምንባራ ርእየ። 'እዞም ሰባት እንታይ'ዩ ወሪዱዎም፧ ክልተኣም ዓበይቲ'ዮም፡' ኢለ ብውሽጠይ ሓሰብኩ። እንተኹነ ግን እታ ሰበይቲ፡ "ድሓን መድሃኒት ባዕለይ ክገዝእ'የ ኪዲ ገዛ፡" እያ ትብላ ነይራ ነታ ከተሰንያ ከም ዝመጽኣት ድሓር ዝተረድኣኒ ሰበይቲ። ጉዳይ ኣፍ ግን ገለ ሓሚማ ኣላ ኢለ ሓሰብኩ። ኣይጸንሐትን ኩርምታ ስለ ዘስደደት ሪጋ ከሕፉፍዋ ንቕድሚት መጺኣ። ሰብ ሪጋ ጸገማ ተረዲኡዎም ኩርምቲያ ኣስዲዳ እናበሉ ነቶም ሪጋ ቀዳሞት ዝነበሩ ክነግሩዎም ምስ ሰማዕኩ በረሁለይ። ለካ! ሕቶይ ዝተመለሰለይ መሲሉኒ።

ጸኒሐና ኣፍንጭኣን ብችረቶ ዝተሓከማ ዓባይ ሰበይቲ ምስቲ ቃንዛኣን እርጋን ተሓዊሱዎ ጠጠው ክብላ ተጸጊመን ኣሕሉፉኒ ኢለን ናብቶም ቀዳሞት ዝነበርና መጺኣን። ቅድመይ ኣሕሊፈየን። ኣብ ከምዚ ኮነታት እቲ ሰብኣይ ምስቲ ፋርማሲስት ክዘራርብ ከሎ እንተ ኣስተብሃልኩሉ ግን ኩርምቲ ዝሓመመ ዘይኩነሰ ጽሙም ኩይኑ ጸኒሑኑ። ክትርጉመሉ ኢለ መንኮቡ እንተ ተንከፍኩዎ ወይከ፣ ደጋጊመሉ ኣይተረድኣንን። ኣብ መንን ዝርብሾ ዘለኹ ወይ'ውን ካብቲ ወዲ ዝወጽእ ቃላት ናይ ከንፈር ምንቅስቃስ ከይሓልፎ ኢሉ ናብቲ ወዲ ጥራይ ይከታተል ነይሩ። ቀሩብ ንቕድሚት ምጺኣ ብጀንቋ ምልክት፡ "ቋንቋ ምልክት ትኽእል እንተ ኳንካ ክትርጉመልካ፡ " ኢለየ። ዝበዝሑ ዓበይቲ ጽሙማን ዘጋጥሙኒ ቋንቋ ምልክት ዘይተማህሩ እየምሪ። ሕብረተሰብና ኣብ ጽሙማን ዝነበሮ ርድኢት ምስ ናይ ሎሚ ይፈላለ'የ። ሰብኣይ ተሓጉሱ ዘረባይ ተርዲኡዎ፡ "እወ" ኢሉ መሊሱለይ። እቲ ፋርማሲስት ንምርግጋጽ፡ ከመይ ከም ዝገብሮ ሓቲቱ፡ እቲ ሰብኣይ መሊሱሉ፣ እናተርጉምኩሎም ማለት'የ። ኣነ ሕሳብ ክኸፍል እናኸደኩ እቲ ጽሙም መድሃኒቱ ተቐቢሉ ጸኒሑኒ። ነቲ ፋርማሲስት "ተረዳዲእኩም ዲኹም፧" ኢለየ። ብዙሕ ዝተገደሰሉ ይመስል ኣይነበረን፣ "እንድዒ ኣነ'ሞ እንታይ ይፈልጥ፡" ኢሉኒ ሰርሑ እናገበረ።

ኣብ ዝበዝሓ ትካላት ከም ዘስተብሃልኩዎ ጽሙማን ንእኡ ዝትርጉመሉ ሰብ ሒዙ ፈቐዶ ትካላት ኩለል ከብሎ እየ ዝውዕል። ትርጓሚ ከ ካልእ ናይ ውልቂ ጉዳይ ገዲፉ ማዕረ ክንደይ'ዩ ክሕግዝ ዝኽእል፤ ዋላ እንተ ደለየ'ውን ቀሊል ኣይኩነን። ሓንቲ ትካል ግን ካብ ኩሉ ዓቕሚ ሰባ፡ ክልተ ሰለስተ ኣባላታ ቋንቋ ምልክት ኣምሂራ፡ ጽሙማን ከም ኩሉ ዜጋ ጽቡቕ ኣገልግሎት ክረኽቡሉ ዝኽእሉ መገዲ ክትፈጥር ግን ትጽገም ኣይመስለንን። ብፍላይ ኣብ ከም ናይ ጥዕና ዝኣመሰላ ኣገደስቲ ትካላት። ምኽንያቱ፡ ጽሙማን ኣካል ኣፍራዩ ክፋል ሕብረተሰብ እዮም።

ክንደየናይ ተረዳዲኦም ከይኮኑ ብዝብል ስክፍታ፡ ቅድሚ መድሃኒተይ ምውሳደይ፡ ናብቲ ጽሙም ተመሊሰ "እንታይ ኢሉካ፡" ኢለ ሓቲተየ። መድሃኒቱ እናኣርአየ፡ 1 ንግሆ፡ 1 ፋዱስ፡ 1 ምሸት ውሰድ ከም ዝተባህለ ብጀንቋ ምልክት ነጊሩኒ። ናብቲ ፋርማሲስት ከይደ ዝያዳ ንምርግጋጽ "ከመይ'የ ክወሰደ፧" ምስ በልኩዎ፡ ቃንዛ ክስምዓካ ከሎ ጥራይ ሓንቲ ውሰድ ከም ዝበሎ ምስ ነገርኒ።

ዘይምርድዳእ ዘምጽኦ ሸግር ክንግንዘብ ከም ዘሎና ደውል ኩይናትኒ። ሕጂ'ውን ተመሊሰ ኣብ ግዜ ቃንዛ ክሓምም ከሎ ጥራይ ሓንቲ ክወስድ ከም ዘሎዎ ኣረዲኡ ናብ ጉዳየይ ኣቢለ። እቲ ጽሙም ስለ ዝሓገዘኩዎ ኣዘዩ ተሓጉሱ "ክጽበየኪ'የ፡" ኢሉ ተጸቢዩኒ። ተመሊሰ ነቲ ሓበሬታ ደጊመ፡ ቀሩብ ኣዕሊልና ተፈላሊና። ኣብቲ ሪጋ ብዙሕ ኣይተበሳጨኩን ነይረ። 'መን ይፈልጥ እዚ ሰብኣይ ጽሙም ይኸውን፣ ነዚ ክሕግዝ ድማ ኣምላኽ መዲቡዎ ይኸውን፧' ኢለ ነይረ'የ። ድሓር'ዩ ድኣ ኩርምቲ ኣስዲዳ ዝመጽኣት ሰበይቲ ምስኡ ዘመሳሰላ ምስ ርኣኹላ ኩርምቶም ዘስደዱ እየም ኢለ ... ሃሃሃሃ። ተመስገን ኣብ ግዜኣ ክምለስ ዝገበርካኒ።

ኣየ ኣማኑኤል

ኩሉ ግዜ ኣብ መድረኽ



18 ሓምለ 2018

... ኮሉ ግዜ ዓለም ንኽትዕዘበኒ ኣብ መድረኽ እተሰቐልኩ ሰብ'የ። በይነይ ኣይኩንኩን፣ ኮሎም እቶም ኣብ ገዛእ ርእሶም ዝኣምኑ፡ እቶም ሕመቐም ዝቐበሉ፡ እቶም ዓወቶም ዝጽምብሉ፡ እቶም ሓጉሶም ዝማቐሉ፣ እቶም ሰብ - ናይ ሰብ ዘሎዎም ሓለይቲ፡ እቶም ከምቲ ንነብሶም ንኻልእ ጽቡቕ ዝምነዩ፡ እቶም ኮሉ ሳዕ እወታውያን፡ እቶም ሓለምቲ ጽቡቕ፡ እቶም ገበርቲ ጽቡቕ፡ እቶም ኣተባዕቲ፣ እቶም ንእሽተይ ብርሃን ኣብ ጸላም ዝውልዑ ጸለውቲ። ...

ብሌን ግርማይ

ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

ዋንጫ ናጽነት ቅድድም ብሽክለታ ደቀምሓረ ጀሚሩ



ዓርቢ 10 ሚያዝዩ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ዝጀመረ ቅድድም ብፅኬሊታ ከተማ ደቀምሓረ፡ ዙሓለፈ ሰንበት'ውን ውድድራቱ ኣሰላሲሉ። እዚ ምስ መማኺ ብቐዳት ሓዊኽ ኣብ ሸወዳት መድረኻት ዝዘሳርፀ ውድድር ሻሸወዳት ሰናብቲ ክቐጽል እዩ። ናይ ሎሚ ዓመት ቅድድም ብፅኬሊታ ከተማ ደቀምሓረ ካብ ዝሓለፈ እዋን ፍሉይ ዝዝበረ፡ ዳርጋ ተቐዳደምቲ ኣህፈሙ እዩ። ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሕጂ ተመዝጊቡ ዘሎ ወጽኢት ድማ ኣብ ናይ ህጹናት ምድብ ዙ ዊር ተሰፋኣለም ብ12 ነጥቢ፡ ናህ የናስን መርሃዊ መሓሪን ብተመሳሳሊ 7 ነጥቢ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ሐሰም ውድድርም ዛዚምሙ። ህጹናት ምድብ ሉ ናህ ተኪኣ 28፡ ሄናስ ዘርኡ 17፡ ዘመን ፍሰዶ ብ13 ነጥቢ ዕመታት ኮይኖም። ኣብ ተመሳሳሊ ምድብ ለ ኣብረሃም ብ14 ነጥቢ፡ ኢሸን ሚርማይ ብ9 ነጥቢ፡ ሄናስ ሰመኣን ብ6 ነጥቢ ዕመታት ብምጓን ኣብ ፖድዓም ደይዕምኑ።

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝተረኽበ ወጽኢት ድማ ቀዳመይቲ ኣርኒማ ፍሰዶ ብ15፡ ካልኣይቲ ሉልያ ፍሰዶ ብ12፡ ሰኖና ዓንደማርያም ብ7 ነጥቢ ዕመታት ኮይኖም። ኣብ ቀዳማይ ደቪሽን ሲረቅ ፍሰዶ 22 ነጥቢ ቀዳማይ፡ ሰም የዕቡ 15 ነጥቢ ካልኣይ፡ መረሐ ብርሃነ 14 ነጥቢ ሳልሳይ ኮይናም ውድድርም ዛዚምሙ። ዳ ኮርኦ ዘጸደድዎ ውድድር ድማ ቀዳማይ ሳሚኤል ዘርኡ ብ21 ነጥቢ፡ ካልኣይ ናሂር ኣሲየስ ብ17 ነጥቢ ነፀሉ'ውን ሰሉማን ዓብዱ ብ15 ነጥቢ ሳልሳይ ኮይናም ተዓዊቶም። ቅድድም ብፅኬሊታ ከተማ ደቀምሓረ ሰንበት 26 ሚያዝዩ ክቐጽል ምዃኑ ዝርኸቡዮ ሓበሬታ የረድኤ።

ማእከል- ኩዕሶ መርበብ ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት

ፈደረሽን ከተሶ መርገብ ዞባ ማእከል ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ጉጋነታት ካልኣይ ዲቪሽየን ክልቲኡ ጾታ ዘኽተፈ ናይ ኣውዲቐላ ምስለፍ ጸወታታት ኣካይዱ። ሰንበት 19 ሚያዝዩ ኣብ ሜዳ ቦፒቶፊል ኣብ ሰዓታት ድቀ ፈለማ ዝተራኸበ ጋንታታት ደቂ ተባዕነዮ ድማ ያማነ ሰማልን ማይ ተሸፊን እዮን ነይሮም።

ያማነ ሰማልን ንጹወታ ብምዕባል፡ ኣብ ልዕሊ ማይ ተሸፊ ኣካይቲ 25ብ15 ነፀሉ'ውን 25ብ21 ብድምር ወጽኢት 2ብ0 ብምሸናፍ ናብ ዝቐጽል ግጥም ሓሊፋ። ተዓዋታይ ናይታ ጋንታ ሻምናይ ተሸፊ ድማ ብዘርኦዮ ጸወታ ብዘግዘዘቢ ተናኢያ።

ድሕሪ'ዚ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ባዕሊ መሳኪሪምን ያማነ ሰማልን እዮን ገጠመኹ። ጋንታ ባዕሊ መሳኪሪም ዘንጸባረቑዮ ዝተወሳኸደ ጸወታ ድማ ነታ ጸወታ ዘደናገጽት ያማነ ሰማልን 25ብ15 ነፀሉ'ውን 25ብ11 ብድምር 2ብ0 ብምሸናፍ ናብ ዝቐጽል ግጥም ክተሳዕዱ ክኢሎ።

ናይቲ ዕስት ሳልሳይቲ ጸወታ ንምካያድ ሜዳ ዝወረዳ ድማ ጋንታታት ደቂ ተባዕነዮ ሕወትን ዓዲ ንዕደድን እዮም። ጸወታ ናይዘን ጋንታታት ብኸሉ መጻዩ ካብ ተሳዘቡቲ ናኣዳ ዘደረፈ እዩ ነይሩ። እቲ ዒላ ዝቐሰቅስ ጸበቕቅ ናይ ምቅብባል ከሰ ዝተራእየሉ ሓያል ውድድር፡ ሕወትኡ ንፈለመይቲ ሲት 25ብ14 ክትዕወተላ ክኢላ። ኣብ ካልኣይ ሲት ዓዲ ንዕደድ መሪን ብምድልዳል ንጹወታ 26ብ24 ተዓዊታትለ። ኣብ መወዳኢታ ዝተኻየደት ዛዒሚት ሲት፡ ሳልሳይቲ ጸወታ ንምካያድ ሜዳ ዝወረዳ ደማ ጋንታታት ደቂ ተባዕነዮ ሕወትን ዓዲ ንዕደድን እዮም። ጸወታ ናይዘን ጋንታታት ብኸሉ መጻዩ ካብ ተሳዘቡቲ ናኣዳ ዘደረፈ እዩ ነይሩ። እቲ ዒላ ዝቐሰቅስ ጸበቕቅ ናይ ምቅብባል ከሰ ዝተራእየሉ ሓያል ውድድር፡ ሕወትኡ ንፈለመይቲ ሲት 25ብ14 ክትዕወተላ ክኢላ።

እታ ብዮዲት ፍንቂ ትሰልጥን ጋንታ ሕወትት 15ብ10 ብምዝዘዝ ንጹወታ ብድምር 2ብ1 ናብ ረብሑኣ ቀይራ ምሕሩፉ ርገጽ ገይራቶ።

ጎዕዞ ዘይተሰዓርነት ባርዕ ይቕጽል

ኣልጌን ስዕረት ቀሚሳ

ወቅጣዊ ስፖርታዊ ውድድራት ከሰ ሰክያት እዘ ተወርዋሪ ሓደል፡ ሱይን ሰሉነ ብደቂ ተባዕነዮ ኣብ ሜዳ መሳኸር ደንደን ቦወሊንግ ቀጸሉ።

ጋንታታት ቶኮርን ኣልጌንን ፈለማ ናብ ሜዳ ወሪደን ግጥማቶን ኣካይደን። ኣልጌን ኣብ ልዕሊ ቶኮር 55ብ37 ብዘበየ ወጽኢት ተዓዊታ።

ተጻዋታይ ኣልጌን እስቲፋኖስ መሓሪ ኣብዚ ጸወታ 27፡ ብሓፈሻ ደማ 117 ሹቶታት ብምምዝጋብ ኣብ ቀድማት ተሰሪዐ።



ሰዓበን ጋንታታት ኣውቱን ባርያን እዮን ተራኸቡ። ባርዕ ኣብ ልዕሊ ኣወጹ 56ብ26 ተዓዊታ። ኣብ ኣብርሃም ኢሰቅ 26 ሹቶታት ብምምዝጋብ ደሚቑ ወዲኡ። ኣብ መወዳኢታ ግጥመን ዘኸሰለ ዓዲ ርሶን ኑብርን እዮ። ዓዲ ርሶ ኣብ ልዕሊ ኑብሮ 45ብ37 ብምዕዋት ኣብዚ ውድድር ፈሰጣ ዓወት ኣመዝቢቱ።

ተጻዋታይ ጋንታ ዓዲ ርሶ ኣንዋር ሓምድ 26 ሹቶታት ብምምዝጋብ ጸብኣል ኢሉ። ሳንድራ ተኽሉኣለም ነፀሉ'ውን ኣየማይት ኣማኑኤል ኣብ ጎድኒ ደቂ ታባነዮ ጋንታ ኑብሮ ተሰለፈን ዝኸኣድ ጸወታ ኣንጸባርቖኹ።

ትማሊ ሰለሰ ኣብ ዝቐጸለ ግጥምት፡ ኑቲ ውድድር ከይተሳህራ ክቐልዕኡ ገጽጉሓ ጋንታታት ኣልጌንን ባርያን እዮን ተራኸቡ። ኣልጌን ንባርኦ ንምኑባርነቶ ካብ ፈለማ ናይቲ ጸወታ ክመርሑ ተራእዮሞ።

እንተ ኾኑ ባርዓውያን ዝኸኣሉ ኣይነበሩን። ኣብ ራብዩይ ርብዒ ናይቲ ግጥም ንኣልጌን ኣርከቦም ብፍርቂ ሹት ንወጽኢት 76ብ75 ብምቕያር ዓወት ተጎናጸፈሞ።

ተጻዋታይ ባርዕ ሰም ጳጉት 30 ሹቶታት፡ ተጻዋታይ ኣልጌን ሰም እስቲፋኖስ ድማ 27 ሹቶታት ብምምዝጋብ ደሚቖም ወዲሎሞ።

ቀጺለን ዝተራኸበ ጋንታታት ድማ ቶኮርን ኑብሮን እዮም። ቶኮር ድማ 48ብ43 ተዓዊታ። ተጻዋታይ ቶኮር ኢያብል ክብርም 27 ሹቶታት ብምምዝጋብ ተናኢዩ። ኣብ መወዳኢታ ጋንታታት ኣውቱን ብደሆን እዮን ገጠመኹ። ኣውቱ ድማ ንብደሆ 31ብ18 ተዓዊታትሉ። ወቅጣዊ ውድድራት እዘ ተወርዋሪ ሓደል ሎሚ ረብሓ ባርዕ ምስ ኑብሮ ኣልጌን ምስ ብደሆ ነፀሉ'ውን ቶኮር ምስ ዓዲ ርሶ ብዙዳድ ግጥምት ቀጺሉ ክወሰል እዩ።

ኩካኩ ምስ ናፖሊ ይሰማማዕ

ወዲ 32 ዓመት በልጅማዊ ኣጥቃዓይ ክሰብ ናፖሊ ርማሌ ሉቶኩ፡ ብዘዕገ መጻኢኡን ኣርጀንቶኡን ምስ ጋንታኡ ተዘራረበ። እዘ ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዮናይትድ፡ ቸልሲን ኤቨርተንን ነበር ኣብ ዙሓለፈ ዓመት ሻምፕዮን ሰራኣ ኢጣልያ ገሸኹት ናፖሊ፡ ኣብ ኢጣልያ ልምምድ ከለይድ ዘቕረቡኹሉ ጠሰብ ዕሽሽ ድሕሪ ምባል፡ ብጉድኣት ድሸናሲን ምህታ ጋንታ ተኻርዩ ምጽንሑ ይዝክሮ።

በዚ መሰረት ሉቶኩ ኣብዚ ዓመት ኣብ ኩሉ ውድድራት ብቐዳዱ ዘርእዩ ባይታ ኣብ ምርክብ ተጽገሙ ምጽንሑ ደማ ይዝክር። 14 ጥቅምቲ 2025 ናፖሊ ኣንጽር ኦልምፓያሰ ኣብ ትንኮማሉ ገዚኦት ማዕረ መሳጭዒቲ ዝነበሞ ሉቶኩ፡ ክሰብ ጥሪ 2026 ኣብ ተሃድሶ ምጽንሑ ይፍለጥ።



እዘ ይሱን እማር ሓወዩ ናብ መርኒ ናፖሊ ብምምላስ ዕዙዝ ኣርጀንቶኡ ክሰብር ነም ዝተሸገረ ይእመን። እዘ ኣጥቃዓይ፡ ኣብዚ ወቅቲ ንጋንታኡ ኣብ ሸወዳት ጸወታታት ጥሪይ እዩ ወኒሉዋ ዘሎ። እቲ ናይ መወዳኢታ ኣብ ሜዳ ዝተራእየሉ ደማ 6 መጋቢት ኣብ ልዕሊ ቱሪኖ 2ብ1 ኣብ ዝተዓወቱሉ ግጥም ነም ተቐያሪ ኮይኑ ዝተጸወቱሉ ጸወታ እዩ። ሰሪዘ ደማ መጻኢ ናይዘ ዓንተር ኣጥቃዓይ ኣብ ጠልጠል ምጽንሑ ይዝክር።

ስፖርታዊ ንጥፈታት ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ፈሊሙ



ብምኽንያት በዓል ናጽነት ሻምነየን ስፖርታዊ ንጥፈታት ንኡስ ዞባ ሓጋዝ 18 ሚያዝዩ ብወግዒ ፈሊሙ። ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ጸንበል ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣቶ እድሪስ መሓመድ ሓምድ ወኽሊቲ ባይቶ ሓሰፍቲ ፈደረሽናት፡ ኣባላት ባህልን ስፖርትን ሓሰፍቲ ሚኒስተሪታት ዝርከቡዎም ብርክት ዝበሉ ተጻወትትን ኣፍቂርቲ ስፖርትን ተሳትፈዎም።

ስፖርታዊ ውድድራት ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ብወኪወዕ መሬስ ንኽቐጽል ምትሕብባር ኣባላት መምህራትን ኣፍቂርትን ከይፍለዩዎም ኣቢ መገበር ፈደረሽ ከሰ እግሪ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣቶ ክፍላይ ኣብርሃ ኣብቲ ኢንጣሚ ኣብ ዘልመየ መደረ ኣትሓሰበ።

ቀዳም 18 ሚያዝዩ ዝተኻየደ ውድድራት ከሰ እግሪ ደቂ ተባዕነዮ ጋንታታት ካልኣይ ደቪሽን ዝተራኸበ ወጽኢት ድማ ዝኒ ደመላኬ ደሰት ሽህተና 2ብ0 ኣልሸር ንየል ክኢሎ። ኣብ ካልኣይ ሲት ዓዲ ንዕደድ መሪን ብምድልዳል ንጹወታ 26ብ24 ተዓዊታትለ። ኣብ መወዳኢታ ዝተኻየደት ዛዒሚት ሲት፡ ሳልሳይቲ ጸወታ ንምካያድ ሜዳ ዝወረዳ ደማ ጋንታታት ደቂ ተባዕነዮ ሕወትን ዓዲ ንዕደድን እዮም። ጸወታ ናይዘን ጋንታታት ብኸሉ መጻዩ ካብ ተሳዘቡቲ ናኣዳ ዘደረፈ እዩ ነይሩ። እቲ ዒላ ዝቐሰቅስ ጸበቕቅ ናይ ምቅብባል ከሰ ዝተራእየሉ ሓያል ውድድር፡ ሕወትኡ ንፈለመይቲ ሲት 25ብ14 ክትዕወተላ ክኢላ።

እታ ብዮዲት ፍንቂ ትሰልጥን ጋንታ ሕወትት 15ብ10 ብምዝዘዝ ንጹወታ ብድምር 2ብ1 ናብ ረብሑኣ ቀይራ ምሕሩፉ ርገጽ ገይራቶ።

ኣብ ውድድር ከሰ መርገብ ደቂ ተባዕነዮ ጋንታ ሰለም ንጋንታ ሓሸቦይ 3ብ0፡ ነፀሉ'ውን ቢሻ ንኡዳለስ ብዘመዝገበ 3ብ0 ሰንራታ።

ኣብ ውድድር ከሰ መርገብ ደቂኣንስትዮ ደማ ጋንታ ሸኾሮዋ ንጋንታ ሓፈና 3ብ2 ሰንራታ። እዘ ነፀዚ ኢሉ እሽለ። ወጽኢት ጸወታታት ግሪስ ሩትን ብቐዳዝን ንምምዕንምን ኘኽልተ ዓመት ዝቐጸል ጸዐቕቅ ልምምድ ያቋድ ነም ዘሎ ንኡወሰድቲ ናይቲ መደብ ብምዋቃስ ወኪል ዜና ናይቲ ንኡስ ዞባ ሓጋሩ።

ጓርዲዮላ ንተጻወትቱ ይመክር

ኣልጫሚ እንግሊዞት ክሰብ ማንቸስተር ሲቲ ሰጾናዊ ፐፕ ጓርዲያላ ተጻወትቱ ኣብ ልዕሊ መራሒት ናይቲ ሊግ ዘለ ኣርሰናል ዝመገቡዎ ዓወት፡ "እንደዕ ሓሸኽም" ድሕሪ ምባል ሎሚ ምስ በርንለይ ኣብ ዙይድዎ ግጥም ጥንቃቐ ክገብሩ ኣተሓሳሰበ። "ኣርሰናል ኘና መራሒት ናይዚ ሊግ ምዃኖም ክንፈልጥ ኣሎና። መምህራንን ኣፍቂርትን ከይፍለዩዎም ኣቢ መገበር ፈደረሽ ከሰ እግሪ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣቶ ክፍላይ ኣብርሃ ኣብቲ ኢንጣሚ ኣብ ዘልመየ መደረ ኣትሓሰበ።

ቀዳም 18 ሚያዝዩ ዝተኻየደ ውድድራት ከሰ እግሪ ደቂ ተባዕነዮ ጋንታታት ካልኣይ ደቪሽን ዝተራኸበ ወጽኢት ድማ ዝኒ ደመላኬ ደሰት ሽህተና 2ብ0 ኣልሸር ንየል ክኢሎ። ኣብ ካልኣይ ሲት ዓዲ ንዕደድ መሪን ብምድልዳል ንጹወታ 26ብ24 ተዓዊታትለ። ኣብ መወዳኢታ ዝተኻየደት ዛዒሚት ሲት፡ ሳልሳይቲ ጸወታ ንምካያድ ሜዳ ዝወረዳ ደማ ጋንታታት ደቂ ተባዕነዮ ሕወትን ዓዲ ንዕደድን እዮም። ጸወታ ናይዘን ጋንታታት ብኸሉ መጻዩ ካብ ተሳዘቡቲ ናኣዳ ዘደረፈ እዩ ነይሩ። እቲ ዒላ ዝቐሰቅስ ጸበቕቅ ናይ ምቅብባል ከሰ ዝተራእየሉ ሓያል ውድድር፡ ሕወትኡ ንፈለመይቲ ሲት 25ብ14 ክትዕወተላ ክኢላ።

እታ ብዮዲት ፍንቂ ትሰልጥን ጋንታ ሕወትት 15ብ10 ብምዝዘዝ ንጹወታ ብድምር 2ብ1 ናብ ረብሑኣ ቀይራ ምሕሩፉ ርገጽ ገይራቶ።

ኣብ ውድድር ከሰ መርገብ ደቂ ተባዕነዮ ጋንታ ሰለም ንጋንታ ሓሸቦይ 3ብ0፡ ነፀሉ'ውን ቢሻ ንኡዳለስ ብዘመዝገበ 3ብ0 ሰንራታ።

ኣብ ውድድር ከሰ መርገብ ደቂኣንስትዮ ደማ ጋንታ ሸኾሮዋ ንጋንታ ሓፈና 3ብ2 ሰንራታ። እዘ ነፀዚ ኢሉ እሽለ። ወጽኢት ጸወታታት ግሪስ ሩትን ብቐዳዝን ንምምዕንምን ኘኽልተ ዓመት ዝቐጸል ጸዐቕቅ ልምምድ ያቋድ ነም ዘሎ ንኡወሰድቲ ናይቲ መደብ ብምዋቃስ ወኪል ዜና ናይቲ ንኡስ ዞባ ሓጋሩ።



ናይዚ ሊግ ምህዋዋ ክብረንጎ የብሉን" ዝበለ እዘ ኣልጫሚ፡ እታ ጋንታ ሂጸቶ ዘለ ሓያል ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ኘና ሻምነየን ክትትወን ዝለዓለ ተኾኢሉ ነም ዘለዋ ሓበሬ። ሲቲ ሻምነየን ፕሪመር ሊግ ንምጭን ተሪፉዋ ዝሎ ጸወታታት ክትዕወተሉ ክብግደድ እዩ። እዘ ምስ ዘደኣወን ሚን ኒታ ድሕሪ 2003-2004 ዘውዲ ፕሪመር ሊግ ንምደፋእ ዓቑብ ከይኖዋ ዘሎ ኣርሰናል ክተረባብ እዩ።

ሮድሪ ኣብቲ ዝሓለፈ ሰንበት ንኡርሰናል 2ብ1 ዝሸንፉሉ ግጥም ብዚንጣም ማህረምቲ ዝዘይተወሰኸ ግዜ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ምኽኑ'ውን ተሓብሩ። ሎሚ ምሸት ሲቲ ኣንጽር በርንለይ እተካይዶ ግጥምን ሲቲ ካብ ሩብን ዲያዝ ትረኽቦ ሓገዘውን ኣደቓብረኽቦን እዮ። እዘ ነፀዚ ኢሉ እሽለ፡ ሰኩይ ምሸት ዌስተሃምን ክረክቦል ፓኣሃን ዙዘደኦ ግጥም ብዘይ ሸቶ ብምፍልላዮኡ ብዘዘዞዋሪ ዎልቭስ ናብ ታሕዘዋይ ደቪሽን ምውራዳ ርገጽ ከይኑ።

መጻብ ጸወታ

ሎሚ ፕሪመር ሊግ

መባልዕ 34 ሰሙን

በርንለይ - ማንሲቲ፡ 10፡00 ቅ.ቀ

ቦርንማውዝ - ሊድስ 10፡00 ቅ.ቀ

ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

“ስምምዕ ምቕራጽ ተኾሲ ኣመሪካን ኢራንን ተጣሒሱ” ተባሂሉ



ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ፡ መርከብ ንግዲ ኢራን ድሕሪ ምቅጻጽሩ፡ ኢራን ነም ግብረ መልሲ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራውያን መራኽብ ኣመሪካ መጥቃዕቲ ደርጉ ነም ዝፈጸመት፡ ማዕቀፍት ዘና ናይታ ሃገር ሓቢሮ።

መንግስታዊ ኣገልግሎት ዘና ኢራን ‘ታሰኒም’ ኣብ ዝዘርገሉ ሓቢፈታ፡ እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ማያት ባሕሪ ዖማን ነም እተ’ጥየደ ኣመልኪቱ።

ይሽን’ንግር፡ ቡቲ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ብዘየገመደደ ጉድኣት ዛቲት ኣይተሓብሮን።

ላዕለዋይ ወተሃደራዊ መሪሒ ኢራን ኻታም ኣል-ኣንቢያ፡ ኣመሪካ ዝወሰደቶ ስጉምቲ፡ ንዕምምዕ ምቕራጽ ተጻብኡ ክልተአን ሃገራት ብዋሁድ ዝየሕሰ ምኻኑ ድሕሪ ምዛዝ፡ “ሕነ ናይዚ ብሓይልታት ባሕሪ ኣመሪካ ዝተፈጸመ ‘ሸፍትነት ባሕሪ’ ክንፈጽሲ ኢና።” ክብል ኣቐዲሙ ኣጠንቂቑ ነይሩ።

እዚ ነዎሚ’ሉ እኽሊ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ዙሓሲፈ ሰመን ኣብ ዝዀነ ሓቢፈታ፡ ንመደባሪት ኢስክነሪክን ድልድላትን ምስ ኢራን ዝዝር ሰምምዕ ኣብ ቀረባ ነም ዝፍጽም ተሰፊ ብዙመልኡ መግዲ ተዛረቡኻ እንተ ነረ፡ ኣብዚ እዋንዚ ግቡ ንመደባሪት ኢስክነሪክን ድልድላትን ኢራን ዶጮግይ ነም ዘሰጉምም’ዩ ዘፈራርሕ ዘሎ።

በዚ ድማ ስነሪተጂ ምምሕያር ትራምፕ፡ ኣብቲ ንሱ ዝያልዮ ሰምምዕ ንምብጻሕ ብናይ ባሕሪ ፀጥዋን ተወሳኺ እንዳታትን ኣብሉ ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝኾር ቀጥበዊ ጸቕጠ ንምቕጻል ዝጽለመ ነም ዝመሳሰል ምስ’ቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም መኾናት የረድኡ።

ሓፊ ጉጅለ ተሓላቒ ሱዐዊ መሳትፍ ዝዘረ ኪኑት ሮዝ ብወከሉ፡ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝዝር ሰምምዕ ኣብ ቀረባ ነም ዝፍጽም ተሰፊ ብዙመልኡ መግዲ ተዛረቡኻ እንተ ነረ፡ ኣብዚ እዋንዚ ግቡ ንመደባሪት ኢስክነሪክን ድልድላትን ንግሁመሳሉ ሰላማውያን ዚጋታት ዝጥቀመሉም ትላሰት ወተሃደራዊ ዒላማ ምግባር ዝኽልክል እዩ።” ክብል ገቢፁ።

ሩስያ፡ ንሻምብቆ ኑዲ ድሩዝባ ትዓጹ

ፈደረሽን ሩስያ፡ ካብ 1 ማዝዮት ጀሚሩ ብመሳመር ሻምብቆ ድሩዝባ ኣብሉ ካብ ካዝኽስታን ናብ ጀርመን ክሰኣኽ ዝጀመሐ ኑዲ ደው ክብሎ ምኻና፡ ሰለስተ ምኾጮታት ኢንዱስትሪ ናይታ ሃገር ትማሊ ሰለሰ ሓቢርምዮ።

ከናት ኣራኽ ኣብ ልዕሊ’ቲ ካብ ማኣከለይ ምብራቕ ናብ መላእ ዓለም ዝሰኣኽ ኑዲ ጸልዋ ፈጠሩ ኣብ ዘለወሉ እዋኔ ብዘኽኽስታን ኣብሉ ዙሓልፍ ኑዲ ደው ምባል ማለት፡ ኣብ ቀረብ ኑዲ ጀርመን ዘየርገትእት ክፈጥር ምኻኑ’የም ክኢላታት ዘጠንቅቑ ዘለወ።

ካዝኽስታን ብመንዲ ሻምብቆ ኑዲ ድሩዝባ ኣቢላ ናብ ጀርመን ዝሰኣኽዮ ኑዲ፡ ኣብ 2025 ብድምር 2.146 ሚልዮን ሜትሪክ ቶን ወይ ከኣ ኣስታት 43 ሸሕ በርሚል ኣብ መዓልቲ ኮይኑ፡ ካብ 2024 ንደሓር ድማ ብ44 ሚእታዊት ወሰኽ ኣርእዩ፡ ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት 2026 ከኣ ብ730 ሸሕ ቶን ወሰኽ ነም ዘርኣዩ ጸብጻባት የመልክቱ።

በዚ ድማ ምስእ ብምስእ ምቕራጽ ናይቲ ሻምብቆ ኑዲ፡ ኣስታት 17 ሚእታዊት ካብቲ ኣብ ዓመት 12 ሚልዮን ሜትሪክ ቶን ዝጸመት ብጀርመናዊ ትካል መጻረዩ ኑዲ ዝራረ ኑዲ ደው ክብል ክግደድ እዩ።



ሚኒስትሪ ጸዓት ሩስያ፡ ኑቲ ምቕራጽ ኣመልኪቱ ዝቐረበሉ ሕቶ ዛቲት መልሲ ኣይሃሉን ዘሎ።

ብተመሳሳሊ፡ መንግስታት ካዝኽስታንን ጀርመንን እውን ንዝቐረበሉም ሕቶ መልሲ ኣይሃቡን ዘለወ።

ቡልጋርያ - ተቓዋሚ ሰልፊ ኣብ ባይቶኣዊ ምርጫ ተዓዊቱ

ኣብ በልጋሪያ ኣብ ዝተኻየደ ባይቶኣዊ ምርጫ፡ ብራመን ራደቭ ዝምራሕ ተቓዋሚ ገስጋሲ ሰልፊ ናይ’ታ ሃገር ነም ዝዓወተ ተሓቢሩ።

እቲ ቅድሚ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝተመሳረተ ፖለቲካዊ ምትሕልቓት፡ 44.7 ሚእታዊት ደምሲ ብምምዝጋብ እዩ ኣብቲ ባይቶ ዝበዝሐ መናብር ረኺቡ ዘሎ።

ኣብ በልጋርያ፡ ድሕሪ 1997 ንፈለማ እዋንዩ ሓደ ሰልፊ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ክንድ’ዚ ዝኣክል መናብር ብምርካብ ዓብሊ ክነድ’ዚ ዝተፈላለየ መናብር ብምርካብ ዓብሊ መርሒታት ምክልኻል ክኢላ’ዩ ዝበሉት ታሓጋገቲ መሳርሕ ምልእኽ ኣጸዋር ናብ ወጻኢ፡ ንቓርነር ሕቡራት ሃገራት መሳረት ገይሩ ነም ዝሰላል ኣረጋጊኡ።

ንነ ወሲኹ፡ ኣብ’ዚ እናኸበደ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ጸጥታ ሃካለ፡ ዝኾኑ ሃገር ንብያና ሰላምን ጸጥታን ክተወሓስ ነም ዘይትኽእል ኣገዚቡዩ።

ብመሳረት እዚ ተገይሩ ዘሎ ስወጣ፡ ብወሓዱ 17 ሃገራት ኣብ ጃፓን ዝራረዩ ኣጸዋር ንምዕዳግ ብቑዖት ነም ዝኾና ዝለጸት ጋዜጣ ቅኒቲ፡ ተወሰኽቲ ሃገራት ምነ ጃፓን ክልተኣዊ ሰምምኣት እንተ ገይረን ድማ እቲ ዝርዝር ናይ’ተን ሃገራት ክሰፍሕ ነም ዝኾኽል ሓቢሩ።

ጃፓን፡ ኣብ ሕግታት ሰደድ ኣጽዋር ለውጢ ገይራ

ካቢነ ሚኒስተራት ቀዳመይቲ ሚኒስተር ጃፓን ሳናይ ታካይቺ፡ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣብ ዝተኸደፈ ቅዋም ናይ’ታ ሃገር ዓቢ ስወጠ ብምግባር፡ ኣብ ሰደድ ኣጽዋር ተዘሪሩ ዝጽንሐ እገዳ ነም ዘልዓለ ተሓቢሩ።

ይሽን’ንግር፡ ታካይቺ፡ ትማሊ ሰለስ ዝ ስወጠ ብምሕብሮ መራኸቢ ‘ኤክስ’ ኣብ ዘፍለጠትሉ፡ ጃፓን እንታይ ዓይነት ኣጸዋር ናብ ወጻኢ ሃገራት ነም እትሸየጥ ብወግዒ ኣይገለጸትን።

ጋዜጣታት ናይ’ታ ሃገር ግዜ እቲ ንመሸጣ ዝወሰል ኣጸዋር - ሄፈርቲ ወሜሬ ሚሳይሉትን መራኽብ ወሜኡን ዘጠቓልል ምኻኑ ኣፍሊጠን ኣለዋ።

“በዚ እማመ’ዚ፡ ምስጢጋር ኩሉ ዓይነት መሳርሒታት ምክልኻል ክኢል’የ” ዝበሉት ታካይቺ፡ መሳርሕ ምልእኽ ኣጸዋር ናብ ወጻኢ፡ ንቓርነር ሕቡራት ሃገራት መሳረት ገይሩ ነም ዝሰላል ኣረጋጊኡ።

ንነ ወሲኹ፡ ኣብ’ዚ እናኸበደ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ጸጥታ ሃካለ፡ ዝኾኑ ሃገር ንብያና ሰላምን ጸጥታን ክተወሓስ ነም ዘይትኽእል ኣገዚቡዩ።

ብመሳረት እዚ ተገይሩ ዘሎ ስወጣ፡ ብወሓዱ 17 ሃገራት ኣብ ጃፓን ዝራረዩ ኣጸዋር ንምዕዳግ ብቑዖት ነም ዝኾና ዝለጸት ጋዜጣ ቅኒቲ፡ ተወሰኽቲ ሃገራት ምነ ጃፓን ክልተኣዊ ሰምምኣት እንተ ገይረን ድማ እቲ ዝርዝር ናይ’ተን ሃገራት ክሰፍሕ ነም ዝኾኽል ሓቢሩ።







ተረኛ ፋርማሲ፡ ፋርማሲ ሚለንዩም
ዕለት፡ 22/04/2026
ጎደና፡ ባሕሪ ባራ 191 ቁ.ንዛ 8ማይ ጭሆት ትሕቲ ማሸጊድ
ቁ.ስልኪ፡ 07153448
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ
ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services